# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 36 ዓመት ቁ.19 | ሰሉስ 22 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና


ገጽ 3 — ዕዙዝ ዝኽሪ፡ ንሓድሽ ወፍሪ፡ ህንጸት ሃገር



ገጽ 4 — “ኣኩብ ሓጽርቲ ዛንታታት ሚኪኤል በርሀ”




ገጽ 5 — ክነግርዶ፡



ገጽ 11 — ዳዊት፡ ሻምፕዮን ዓለም ኮይኑ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሓይልን ሃብትን ኤርትራ - ብፍልጠት፡ ትምህርትን ተመኩሮን ዝራባሕ ዓቕሚ-ሰባ ምዃኑ ገሊጹ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሓይልን ሃብትን ኤርትራ፡ ብፍልጠት፡ ትምህርትን ተመኩሮ ስራሕን ዝራባሕ ዓቕሚ-ሰባ ምዃኑ፡ ብምኽንያት ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ብሰንበት 20 መስከረም ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ዝተቓነዐ ሲምፖዝዩም ገሊጹ።



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መደረኡ፡ ቅድሚ 50 ዓመት ጥራይ ዘይኮነ ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ እዋን'ውን ናይ ኤርትራ ሓይሊ፡ ሃብቲ ሰብ ምንባሩ ብምስማር፡ ናብ'ቲ እንደልዮ ክንበጽሕ፡ እቲ ዘዕንቅፈና ክንኣሊ፣ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ውሑስ መጻኢ ንምርግጋጽ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣተኩርካ ምስራሕ ከም ዘድሊ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዕድመ ዝተገብረሎምን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ እቲ ጽንብል ኣብ ዝኽሪ ሓሊፉ፡ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር ብዮብሪ ክንሰርሕ፣ ከምኡ'ውን መጻኢ ወለዶ ብኣቕርቦት ብሉጽ ትምህርቲ ንምኹስኻስ መብጽዓ እነሐድሰሉ ኣጋጣሚ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንወደብትን ኣካየድትን መጕሳ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ብወገኖም፡ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብዓቢ ሃገራዊ ወኒን ልዑል ሃገራውነትን ብዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ደሚቑ ምቕናዩ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ቅድሚ 50 ዓመታት ዝተወስደ ውሳነን ፍረኡን ዘዕዝዝ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣድላይነት ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ - ተመክሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ እንታይ ይምህረና፣” ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዘቕረቦ ወረቐት፡ እቲ ኩነታት ብብድሆታት ዝተመልአ'ኳ እንተነበረ፡ ጽኑዕ መብጽዓ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ምስ ተወፋይነት ኣለይትን መምህራንን ተደሚሩ ብቑዓት ሃገራውያን መንእሰያት ንምምልማል ከምእተኻእለ ብዝርዝር ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ሲምፖዝዩም፡ “ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ካበይ ናበይ፣”፡ “ማዕርነት ቋንቋታት ኤርትራ - ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ”፡ ከምኡ'ውን ተመክሮ ትምህርቲ ድሕሪ ናጽነትን ወፍሪ ትምህርቲ ኣብ “2026 - 2030” ብዝብል ኣርእስትታት መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡ።

ጽንብል ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ “ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 17 መስከረም ኣብ መላእ ሃገር ክካየድ ምቕናዩ ዝፍለጥ'ዩ።

# ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ቀሪቡ

ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ “ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ህንጸት ሃገር” ብዝብል ቴማ፡ ብቐዳም 19 መስከረም ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ኣስመራ - ሲነማ ሮማ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ቀሪቡ።


ኣብ'ቲ ብኤራ-ቲቪ፡ ንኣስታት ክልተ ሰዓታት ብቐጥታ ዝተፈነወ መደብ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቓልሲ ብተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባን ዝተደርፈ ጣዕመ ዜማታት፡ ብተመሃሮ መባእታ ቤት-ትምህርቲ መደበር ኣስመራ ተደጊሙ።

ብዘይካ'ዚ፡ “ባህሊ ተወዚዕ”ን “ለካልኣይት ዋልዳይት”ን ዝርእስተን ድራማታት ከምኡ'ውን ግጥምታት ብቛንቋታት ትግርኛን ትግረን ዘጠቓለለ ነይሩ።



ስእሊ- ሄኖክ ተኽለገርግሽ

# ገዲም ተጋዳላይ ያቆብ ኢሳቕ ተወልደ፡ ተሰዊኡ



ኣባል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ገዲም ተጋዳላይ ያቆብ ኢሳቕ፡ ብ20 መስከረም ኣብ መበል 74 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1974 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1977 ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ያቆብ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ተመዲቡ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ከገልግል ዝጸንሐ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ያቆብ ኢሳቕ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሸዱሽተ ደቅን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 21 መስከረም ሰዓት 4፡00 ድሕሪ-ቀትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ያቆብ ኢሳቕ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን “ጽንዓት ይሃብኩም” ይብል።

ዜና

# ከረን - ፖሊስ ንወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ኣስተምህሮ ሂቡ





ኣብ ከተማ ከረን፡ ፖሊስ ንወነንትን ሰራሕተኛታትን ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት፡ ኣብያተ-ሙዚቃን ትካላት ኤለክትሮኒካዊ ጸወታታትን፡ ኣብ ምኽባር ሕግን ስነ-ምግባርን ዘተኰረ ኣስተምህሮ ኣካዪዱ።

ዕላማ ናይ'ቲ ኣስተምህሮ ብቐንዱ ተራ ባህልን ክብርታትን ኣብ ምግታእ ገበናት ንምሕያል ምዃኑ ዝሓበረ ኣዛዚ ካልኣይ መደበር ፖሊስ ከረን ሰርጌንቲ ብእምነት ክብሮም፡ ሰላምን ጸጥታን ከባቢ ተዋሒሱ ሕብረተሰብ ቅሱን ህይወት ንኽህልዎ፡ ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ኣበርክቶ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

እቲ ዝተዘርበሉ ዛዕባታት፡ ኣገዳስነት ኣፍልጦ ሕጊ፣ ስነ-ምግባርን ምዕቃብ ክብርታት ሕብረተሰብን፣ ተራን ኣበርክቶን ሰብ ትካላት ኣብ ጸጥታዊ ኩነታት፣ ከምኡ'ውን ክብርን ኣተሓሕዛን ባንዴራ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብያተ-ሙዚቃ ንጸጥታ ከባብን ምዕንባብ ሃገራዊ ባህልን ብንቕሓት ክሰርሓን ብዝለዓለ ክደፍኣሉን ዘዘኻኽረ ተለንተ ብእምነት፡ ትካላት ኤለክትሮኒካዊ ጸወታታት ማለት 'ጌም' ኣብ ዘቐርብኦ ትሕዝቶታት ጥንቃቐ ከዘውትራ፣ ወለዲ ድማ ደቆም ብግቡእ ክቈጻጸሩ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ ኅስጓስት ክድፋኣሉ፣ ገበናዊ ተግባራት ንምግታእ ዕቱብ ምክትታል ክግበር፣ ኣነወርቲ ፊልምታት መግትኢ ክግበረሎም፣ ፖሊስ ድማ መሓውሩ ብምስፋሕ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሓለዋ ክገብር ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ቀረብ መዓር ኣመልኪቱ ዘተ ኣካዪዱ



ኣቶ ሃብተኣብ ገሃድ



ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ ዞባ ማእከል፡ ቀረብ መዓር ብዓይነትን መጠንን ንምዕባይ ዝሕግዝ ዘተ፡ ብ19 መስከረም ኣካዪዱ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ሃብተኣብ ገሃድ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዘተ፡ ሓረስቶት ተልእኾ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብሓፈሻ መደብ ንእሰ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ድማ ብፍላይ ንምዕዋት፡ ካብኦም ዝሕተት ንኸፍጽሙ ምዃኑ ገሊጹ።

ሓረስቶት ክሳዕ ሕጂ ዘርኸብዎ ገዚኦም ኣፍልጦ ዝተሕዝ እኹል ምምራሕ ምሃብ ...

ሓረስቶት ክሳዕ ዝረኸብዎ ገዚኦዊ እቶት፡ ቡቲ ብማሕበርን ሚኒስትሪ ሕርሻን ዝወሃቦም ሞያዊ ምኽርን ስልጠናን ተማእዚናም፡ ውሕስነት ዘፈሪ መዓር ከረጋግጹን ኣብ ዓይነት ኣተኩሮም ክሰርሑን ኣዘኻኺሮም።

ኣባላት ቦርድ ማሕበር ብወገኖም፡ ምህርቲ መዓር ንምዕባይ፣ ነቐጣታት መሸጣ መዓር ብርትዓዊ ዋጋ ንምስፋሕ፣ ከምኡ'ውን ዓቕሚ ኣባላት ንምዕባይ ዝተሰላሰለ ንጥፈታትን ኽጋጕን ዘምልከት መብርሂ ሂቦም።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጽብጻብን መዛዘዩ ጽሑፍን ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ንጥፈታት ማሕበር ደራኺ ተራ ዘሀልዎ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ወከልት ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስራት ሃይለ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ምስ'ቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኣባላታውያን ሓረስቶት ዘዝብሮ ምትብባዕ ቁጽሪ ኣርባሕቲ ንህቢ እናሰሰነ ይመጽእ ከምዘሎ፣ ኣብ ዋጋ መዓር ዝርአ ዘሎ ምጉዳል ዋጋ ድማ ናቱ ወጽኢት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድንፋዕ፡ ወለዲ እጃሞም ከበርክቱ ጻውዒት ቀሪቡ



ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርአ ሕጽረታት ተማሊኡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድንፋዕ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ወለዲ እጃሞም ከበርክቱ - ኣቦመንበር ባይቶ ዞባ ደቡብ መምህር ወልዳይ ጉብረ፡ ብምኽንያት ምጅማር ዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ጻውዒት ኣቕሪቡ።

"ንዘኾሎ፡ ጠባይን ስነ-ምግባርን ደቆም መሰረት ዝንብሩ ወለዲ ባዕሎም'ዮም" ዝበለ መምህር ወልዳይ፡ ብቑዓት፡ ኣፍረይትን ሃገራውያንን ዜጋታት ንምህናጽ፡ ትምህርቲ መሰረት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ንዓወት ደቆም ዝመርሕ ንጥፈታትን ክትትልን ክገብሩ ኣተሓሳሰበ።

ቅድሚ ናጽነት ኣብ ዞባ ደቡብ 86 ኣብያተ-ትምህርቲ ጥራይ ዝነበራ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናብ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ክብ ኢለን ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ ጉጂ-ጉጂ'ቲ መንግስቲ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያል ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ወፍሪ፡ ሕብረተሰብ ስሉሳዊ ዝምድና ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ብምሕያል ተርእ ከዕዝዝ ተላብዩ።

መምህር ወልዳይ ኣብ መውዳእታ፡ ወጽኢት ትምህርቲ ብቐንዱ ኣብ ጻዕሪ ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃራይን ከምዝምርኮስ ብምዝኽኻር፡ ምስ ዘሎ ህሉው ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለታት፡ ወለዲ ኣብ ምክትታል ደቆም ዝያዳ ንቑሓት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ሪፖርታዥ

# ዕዙዝ ዝኽሪ፡ ንሓድሽ ወፍሪ፡ ህንጸት ሃገር

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ፦ ኣባላት ጨ/ስእሊ



"ዕዙዝ ዝኽሪ፡ ንሓድሽ ወፍሪ፡ ህንጸት ሃገር!" ብዝብል ቴማ፡ 17 መስከረም ጀሚሩ ክሳብ 25 መስከረም 2026 ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ዝቐነ፡ ኣብ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል ብወግዒ ዝተኸፈተ ስእላዊ ኤግዚብሽን ዝጀመረ ዝኽሪ ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ብስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ካርኒቫል፡ መደብ ኮንሰርት፡ ሰሚናራት፡ ሰምፖዝዩም፡ ወዘተ. ደሚቑ ድሕሪ ምቕናዩ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ብሰንበት 20 መስከረም ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ዝተፈላለዩ መደባት ድሕሪ ምቕናዕ ብወግዒ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ሚኒስተራት፡ ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ላዕለዋይ ሰራዊት፡ ዲፕሎማስያዊ ኣካላት፡ ወከልቲ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ኣቦላት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዕድመ ዝተዓደሙ ኣጋይሽን ዝተረኽቡሉ ናይ መዛዘሚ ስነ ስርዓት፡ ብርክት ዝበሉ መደባት ተሰላሲሎም። በዚ ድማ እቲ መደብ ልክዕ ሰዓት 9:00 ንግሆ ብዘኽሪ ሰማእታት መጋረጃኡ ጋሊሁ።

ከም መኽፈቲ ናይቲ መደብ፡ ሓንቲ ንመንፈስ ዝጠዝዝ ተጋድሎ ብሓፈሻ ንኣቦላት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ ብፍላይ ብስምዒት ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣጋሊባ ዝመለሰት፡ "ቤት ትምህርተይ" ዘርእስታ ወርይቲ ደርፊ፡ ቤታ ፍረ ሰውራ ዝኾነት ጉዳም ደምጻዊት ኣበባ ሃይለ ምስ ቀረበት፡ ደርፊ ቋንቋ ትግሬ ሰዒቡታ። ብድሕሪዚ፡ ቃል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም፡ ብኮሚሽነር ኮሚሽን ባህሊን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ቀሪቡ።

ብድሕሪዚ፡ ሓጺር ቃል ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቀሪቡ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መደረኡ፡ ቅድሚ



ሚኒስተር ሓሊማ መሓመድ

50 ዓመት ጥራይ ዘይኮነ፡ ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ እዋን'ውን ናይ ኤርትራ ሓይሊ ሃብቲ ሰብ ምንባሩ ብምስማር፡ ናብቲ እንደልዮ ክንበጽሕ፡ እቲ ዝሃንቀፈና ክንኣሊ፡ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ውሑስ መጻኢ ንምርግጋጽ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ኣተኩርካ ምስራሕ ከም ዘድሊ ኣገንዚቡ።

ቀጺሉ "ደቂ ዓባይ ደስቲ፡ ዚ ዝኽሪ ብኣካል ክንሳተፍ ዕድለኛታት ኢና'ሞ፡ እንቋዕ ኣብቀዓና" ብምባል መድረኽ ዝተረከበት፡ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶክተር ሓሊማ መሓመድ እያ። ዶ/ር ሓሊማ ኣብ መደረኣ፡ "ቅድሚ 50 ዓመት፡ ዚ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ቅዱስ ሕልሚ ሓሊሞም፡ ሕልሞም ክውን ንምግባር ከይተጸዕቱ ሰሪሖም ዕላማ ዘለና ብቑዓት ሃገራውያን ክንከውን ዘኽኣሉና ሓሳባቲ ናይ ሽዑ መንእሰያትን መራሕትን ህዝባዊ ግንባር፡ መማህራን፡ ኣለይትን ሓካይምን ቤት ትምህርቲ ሰውራን ድማ 'እንቋዕ መገሰኩም'" ድሕሪ ምባል፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዚ ኣጋጣሚ'ዚ ብውዕውዕ መንፈስን ግዝፈትን ኣብ መላእ ኤርትራን ኤርትራውያን ዝርከብዎን ወጻኢ ሃገራትን፡ ተዘክሮታት ብዝሕደሰ ብርክት ዝበለ መሰናድኦታት - ብምዕሩግን ልዑል ክብሪን ክትጽንብል ዝገበሮ ጻዕሪ መጕሱ።

ዕላማ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ክልተ ገጽታ ከፋፊልካ ከም ዝርአ ዝጠቐሰት ዶ/ር ሓሊማ፡ ኣበዚ፡ እቲ ቀዳማይ ገጽ ዝኽሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ - ንሰውራ ዝምልከት ኮይኑ፡ ሰውራዊ ናጽነት ቀጻልነቱ ዘረጋግጽ ብወለዶታት ውሑስነት ምስ ዝርከብ ጥራይ ኮይኑ፡ ናይ ምሕብሓብ ሓላፍነት ድማ ደጋፊ ሓሊዩ ዘይብሎ ራእይን ግብራዊ ስራሕን ግንባር ገይርካ ምውሳድ ምኻኑ፡ እቲ ካልኣይ ገጽ ከኣ፡ ንዜጋታት ብንቕሓትን ክእለትን ምድላው ኮይኑ፡ መበገሲ ናይ ኤርትራዊ ትምህርቲ ብሓቀኛታትን ወፋያትን ንኣሽቱ ዜጋታት ብምድማር፡ ዕላማኡ ወትሩ ንጥቕሚ ሓፋሽ ዝቐድም ተማሃሮን ኣገልገልቲ ህዝብን ምፍራይ ምንባሩ ኣዘኪሩ።

ብመሰረት መደረ ዶ/ር ሓሊማ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ መውሓሲት ኤርትራዊ ሰውራዊ ገድልን መፈልፈሊት ዚ ሎሚ ኤርትራዊ ኣልና እንሕበሉ ክሳዕ ሲ. መንነትና፡ ስነምምህርናዊ ፍልስፍናናን ግብርናን ዝኾነ ስርዓተ-ትምህርቲ እያ። እዛ ቤት ትምህርቲ ካብ ስማ ጀሚሩ ሰለስተ ኣምራት ሒዛ ተበጊሳ። እቲ ቀዳማይ፡ ብዝዕባ ሰውራውነት ኮይኑ፡ ቃልሲ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣካይዳ ሰውራዊ ክብርታት ምህናጽ ዝሓቁፍ'ዩ። እቲ ካልኣይ፡ ንትምህርታዊ ስራሕ ዝምልከት ኮይኑ፡ ዕላማ ናይታ ቤት ትምህርቲ ብበሊጽ ትምህርታዊ ተመክሮ ዝሰስለሉ 'ትምህርቲ' ዝብል ንስማ ዝወርቐ፡ ከምኡ ከኣ ቀነዓትን ወፋያትን ዜጋታት ምህናጽ'ዩ። እቲ ሳልሳይ ድማ፡ ንመዕቆቢ ቦታ ዝምልከት ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ዝጸንከረ እዋን'ውን እንተኾነ ብስሩዕ ኣገባብ ንትምህርቲ ዝኸውን ምቹእ ናይ ተዛማዲ ቅሳነት ባይታ ዝፈጥር 'ቤት' ዝብል ናይ ዋንነት ኣምር ደሙቕ መጸወዲ ክህልዋ ዝገብር እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ተማክሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርትን ምቕስቓስ ወኒ መማህራንን ተማሃሮን ኣበርቲዑ ክሰርሓሉን ክገስግሰሉን ምዃኑ ኣብ መደረኣ ዝሓበረት ዶ/ር ሓሊማ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ዝርግሐ ኣቕርቦት ትምህርቲ ብዘገርም ፍጥነት ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ሃገርና ክስፋሕ'ኳ እንተ ኸኣለ፡ ተማሃሮና ግን ከም



ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ

ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብሃገራውነት፡ ብጠባይ፡ ብባህልን ኩለንተናዊ ትምህርታዊ ትሕዝቶ፡ ብደረጃን ዓይነትን ክበቕዑ መታን፡ ኣብቲ ዝኸይድ ዘሎ ኽስጋስ ዘጋጥሙ ዘለዉ ጸገማት ግን ከኣ ክሰርሓሎም ዘለዎም ናይ ቅድመ-ትምህርቲ መደባት ብሰፊሑ ተዘርጊሖም ምህላዎም፡ እንተኾነ፡ ንዓቕሚ-ሰቡ ንዋትን ትሕተ-ቅርጺን ዝምልከቱ ሕጽረታት፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታትን ዓይነታትን ትምህርቲ ንብቕዓት መማህራን ዘርኸበ ወኒ ስራሕን ሞያዊ ፍቕርን ዝሰስኑ መደባት ብቐጻምነት ክሰርሓሎም ምዃኑ ኣገንዚባ። ሕጽረት መማህራን ቋንቋ ኣደ'ውን መሰረታዊ ኣደነ ዝሓትት ኮይኑ፡ ዚ መሰረታዊ መፍትሒ ከምጽእ ዝኽእል ኮሌጅ ትምህርቲ ምኽፋትን ምሕያልን ምዃኑ ኣረዲኣ። ዚ ክውን ንምግባር ግን ከቢድ ስራሕ ዝጠልብ ዓንቀፍቲ ብድህሪታት ስለ ዘለው፡ ንምብድሆም ክሰራሕ ምዃኑ ኣመልኪታ። ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ'ውን ብኹሉ መዳዩ ትኹረት ስለ ዘሎ፡ ንምዕባዩ ብዝተዓጻጸፈ ክስራሓሉ ምዃኑ ኣብሪሃ።

መንግስቲ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ምብዳህ ኩሎም እዞም ክብ ኢሎም ዝተጠቕሱን ካልኦትን ብድሆታት ዝኾኑኦም ይገብሩ'ኳ እንተ ሃለወ፡ እቲ ጻዕሪ ክድንፍዕን ብቑዓት ዜጋታት ኣብ ምፍራይ ድማ ክነዕውትን፡ ኣበርክቶ ኣብ ወሸጥን ወጻእን ዝነብር ህዝብናን ግደ ኣህጉራውያን መሻርኽትናን ክሕወሶ ግድነት ስለ ዝኾነ፡ በዚ ኣጋጣሚ ብወገን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንሓባራዊ ጻዕርን ሽርክነትን ክውድብን ኪረጋግጽን ጀሚሩዎ ዘሎ ስራሕ ኣብ መወዳእታኡ ንምብጻሕ ዝኽኣሎ ክገብር ምዃኑ ዘረጋገጸት ዶ/ር ሓሊማ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ኩሉ መደባት መንግስቲ ተዋፊሩ ዝርከብ ዜጋ፡ ካብኡ ዝሕተት ከም ወትሩ ከበርክት ተላቢዩ።

ብድሕሪዚ፡ ኣብቲ ዕለት ክቐርባ ካብ ዝተመደባ ደርፍታት ሳሆን ትግርኛን ተኸታቲለን ድሕሪ ምስዓብ፡ "ኢድላይነት ኣሕደርቲ ኣብዮተ-ትምህርቲ"፡ "ተዘክሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እንታይ ይምህረና?" ዝብላ ክልተ ኣርእስትታት ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ቀሪበን።

ሚኒስተር ዑስማን፡ ኣብቲ ኣስታት 50 ደቒቕ ዝወሰደ ኣስተምህሮኡ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሜዳ ኣብ ዝጀመሮ ትምህርቲ፡ ብናይ ገዛእ ርእሱ ዝተዳለዉ መጽሓፍቲ ይጥቀም ምንባሩ፣ ኣብቲ ዲሕራይ ግዜ እናማዕበለ ምስ ከደ ከኣ፡ ማሰልጠኒ መማህራን ከም ዝኸፈተ፣ ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ሓያል ጻዕሪ ከም ዘካየደ፣ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ጥራይ ከይተደረቱ ባህሊ ስራሕን ዓያይነትን ክሰርጾም ብሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ኣብ ኣመጋግባኦም ለውጢ ንኽህሉ ፍረታትን ኣሕምልቲን ክምገቡ ስለ ዝነበሮም፡ ኣብ ሕርሻ ከም ዝጥፉ ይገብር ምንባሩ፣ መሰረት እተን ድሕሪ ናጽነት ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ተማሃሮ ተቐቢለን መኣዲ ፍልጠት ዝቐረባ ዘለዋ ኣብ ፈቐዶ ኩርናዕ ሃገርና ዝተደኮና ኣማኢት ኣብያተ ትምህርቲ ሃገርና፡ እታ ብውሑድ መማህራን፡ ኣለይቶምን ተማሃሮን ብዘይ ብቑዕ ናውቲ መሳለጥያታት ትምህርቲ'ን ህንጻን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝጀመረት - ንምዕባለ ሓድነት ኣቦላት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ንመንፈስ፡ ሰቲትን ወህደትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ብዘረጋገጸ መንገዲ ተማሃሮኣ ዝሸሰኩሰት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምዃና፣ ሃገር ክትህነጽን ክትምዕበልን ትሕተ ሃገራውነት፡ ድሕረትን ድንቁርናን መታን ክጠንቁር፡ ንመምሃሪ ኣብ ዝዓለዉ ስርዓተ ካሪክለም ሃገርና ክሕቆፍ ከም ዝኾኑ፣ ንማእቶት ኣሉታዊ መግለጺ (ምስሊ) ዝህቦ ከም ዘለዉ፡ እንተ'ኾነ፡ ሓደ ካብ ኣዕኑድ ልምዓት ሃገር ብምዃኑ ብዝሰፍሐ መንገዱ ክስረሓሉ ከም ዘለዎ፣ ህሉዋት ኣሕደርቲ ኣብዮተ-ትምህርቲ ሃገርና ኣብ ኣቃውማኦን ራእይን ዕላማን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ሐሊዞን ክጎንበዩ፣ እዚ ኩሉ ክረጋገጽ ግን፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡ ሰብ ብዋዕእ ተመልሚሎ ኣብ ስራሕ ምምህርና ክዋፈሩ ከም ዝግባእ፣ እዚ ድማ ዓቢ ወፍሪ ዝጠልብ ምዃኑ፣ ወዘተ. ዝብሉ ሰፊሕ፡ ዝርዝራውን ዓሚቝን መብርሂ ኣቕሪቡ።

ዝቐጸለ መደብ፡ "ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካበይ ናበይ?" ዝብል፡ ንመማህራን፡ ኣለይትን ተማሃሮን ናይቲ እዋን ዘበርህ ብኣለይቲ፡ መማህራንን ተማሃሮን ነበር መማህር ቃልኣብ ሃይሉ፡ መማህር ጸጋ ጋይም (ጓል ሻምበል)ን መማህር ክፍላይ ዓንደሚካኤልን ሰፊሕን ዝርዝራውን ሓሳብ ቀሪቡ። ቀጺሉ፡ "ምዕሩይነት ቋንቋታት ኤርትራን ትምህርቲ ቋንቋ ኣደን" ዝብል፡ ህዝባዊ ሓይሊታት ብኽልተ እግሩ ኸኣ ደልዲሉ ከይረገጸ እንከሎ ዚ ጽገሲ ሓሳብ'ዚ ኣንቂሉ ክሰርሓሉ ከም ዝጀመረ፣ ብዘይኣ'ዚ ስርዓተ-ትምህርቲ ግዜ ቃልሲ ምስ ተመክሮ ዓበይቲ ምዕቡላትን ሃገራት ዘጻጸረ፣ ከምኡ'ውን ቃል ምኽባር በዝሓዘ ናብ ኤርትራ ዝመጽኡ ምሁራት ናይዚ ዓውዲ፡ ንብልሒን ኣተሓሳስባን ቋንቋ ኣደ ኤርትራ ዝሃብዎ ርእይቶ ዘኽተተ መጽናዕታዊ ወረቐት ብዶክተር ሳልሕ ማሕሙድ ቀሪቡ። ንሱ ተኸቲሉ ከኣ፡ ራእይ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኤርትራ፡ ሃገራዊ መንነትን ሰውራዊ ክብርታትን ብምሕስኻስ፡ ኣብ ሳይንስን ተክኖሎጂን ዝተሰረተ ምዕቡልን ተወዳዳርን ዘመናዊ ቁጠባ ብምህናጽ ብልጽግቲ ሃገር ምፍጣር ምዃኑ፣ ተልእኾኡ ድማ ብኹሉ ጉድናዊ ትምህርቲ ዝተማልአ፡ ብዝበቕዐ ትምህርታዊ መደብ ዝተማህሩን ዝተኣልዩን ጥዑይ ሃዋህው ናይ ፍልጠት፡ ክእለትን ኣተሓሳስባን ተማክሮታት



ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ

ብምጥራይ፡ ንህይወቶም፡ ሞያኦምን ሃገሮምን ብምዕዛዝ ጻዕርታት ዘበልጹ ዜጋታት ምፍራይ ምዃኑ፣ ብዘውሃሰ፡ "ተመክሮ ትምህርቲ ድሕሪ ናጽነትን ወፍሪ ትምህርቲ ኣብ 2026-2030ን" ዝብል ወረቐት ብዶ/ር ሓሊማ ቀሪቡ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ መደብ፡ ቅድሚ 25 ዓመት ዝኽሪ ብሩራዊ ኢዮቤልዩ ተጸንቢሉ ምንባሩ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝኽሪ ናይ'ቶም ዝሓለፉ 25 ዓመታት ቀንዲ ጕዳይ ናይቲ መደብ ብምንባሩ፡ ዝኽሪ ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ 2026 ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት፡ ስእላዊ ኤግዚቢሽን ሰምፖዝዩምን ዝኽርታትና ከም ዘሐደሶ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ እዩ። ኣምባሳደር ዘመደ ኣሰዒቡ፡ ኣብ ሓደ ውሱን እዋን ዝተፈጸሙ ዝኽሪ ንዘንትእለት ናብ ወለዶታት ከም ዝሰጋገር ዘይብሉ ኣሰር ከም ዝገድፍን ከይተዘንግዐ፡ መጻእቲ ወለዶታት ኤርትራ ዚ ምርኩስ ብምግባር፡ ዝኽርታቶም ዘተግብሩሉ ምኽንያት ብምግንዛብ፡ ዚ ሰፊሕ ዝኽሪዊ መደብ ንምውጣእን ንምኽያድን ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብርክት ዝበለ ሓይሊ ሰብ ዘተፈጌኑ ነዊሕ ኣዋርሕ ዝወሰደን ጻዕሪ ዝሓተተ ምንባሩ ኣረዲኡ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ንኹሎም እቲ መደብ ጀሚሩ ብዓወት ንኽዛዘም ግዴኦም ዝተጻወቱ ኣካላት፡ ብስም ኣዳላዊ ሓፈሻዊ ኮሚቴ ናይቲ በዓል ኣመስጊኑ።





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ክንዮ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ. . .

ቅንያቱ፡ ዝኸሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ እዩ። ኣብቲ ብረት ዓጢቒካ ኣንጻር ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ሰፊሕ ቃልሲ፡ ንቕሓት ሓፋሽ ዝዓበየ ግምት ተዋሂቡዎ ምጥፋእ መሃይምነት ከም መሪሕ መደብ ይትግበር ነበረ። እቲ ጭርሖ፤ "ትምህርቲ ንጥቕሚ ሓፋሽ!" ዝብል ብምንባሩ፡ እቲ ዝተማህረ ነቲ ዘይተማህረ ክምህር ሓላፍነት ከም ዝስከም ተገብረ። ክንዮ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ኣብ ስሩዕ ኣብያተ-ትምህርቲ ሰውራ ጉጅለታት ባህሊ ቀይመን ኣብ ዕብየት ስነ-ጥቡብ ሃገርና ዓቢ ግደ ተጻዊተን'የን። መንእሰያት ተመሃሮ ኣብተን ጉጅለታት ብምጥርናፍ፡ ከም ደረፍቲ፡ መዚቀኛታት፡ ተላሃይቲ፡ ኣለይቲ መደብ፡ ገጠምቲ፡ ተዋሳእቲ . . . ብምኳን፡ ሽዑ ጀመርቲ ሕጂ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ናይ'ቲ ሞያ ዝበጽሑን ዝበጽሓን ኣፍርየን እየን። ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ ሞተረ ናይ'ቲ ዓቢ ስነ-ጥበባዊ ንጥፈታት ነበራ።

ብዙሓት ክጥቀስ ከም ዝኽእሉ፡ ሰውራ ኤርትራ ጽልዋኡ ኣብ መላእ ህዝቢ ንምስራጽ፡ ኣብ ሜዳ ቃልሲ ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ፡ ሓራን ሓውሲ-ሓራን መሬት ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሱዳን ሰፊሕ ንጥፈታት ትምህርትን ስልጠናን የካይድ ነይሩ'ዩ። ብፍላይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝመስረተን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ጉጅለታት ባህሊ ቀንዲ መሳርሒ ናይ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ መደባት ንቕሓት ነበራ። ሓንቲ ካብኣተን ጉጅለ ባህሊ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ከሰላ ሱዳን ነበረት። እዛ ጉጅለ'ዚኣ፡ ከምተን ኣብ ካልኦት ከተማታትን መዓስከራት ስደተኛታትን ሱዳን ዝነበራ፡ ክንዮ'ቲ ትካጥፈሉ ቤት-ትምህርቲ ብምኻድ፡ ስምዒት ዝበዝሐ ሓፋሽ ኣብ ምቅስቃስ ብዙሕ ሰሪሓ'ያ። ከም ዝዝከር፡ ኣብኣ ዝፈረዩ ስነ-ጥበበኛታት ምሉእ ምስሊ ናይቶም ዝደግሙዎም ናይ ሜዳ ደረፍቲ ብምሓዝ፡ ብልዑል ስምዒት ናይ ምቅላስ ወኒ ከለዓዕሉ እንከለዉ፡ ብዙሓት መዝሙኦም ሃጽ ኢሎም ናብ ሜዳ ከም ዝስለፉ ገይሮም'ዮም።

ከም ብዓል ሄለን መለስ ዝኣመሰላ ናይ ሎሚ ህቡባት ድምጻውያን ድማ ፍረ ናይ'ዛ ጉጅለ ባህሊ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ከሰላ፡ ሱዳን እየን። እተን ጉጅለታት ባህሊ፡ ተውህቦ ዝነበሮም መንእሰያት ኣብ ምልላይን ኣብቲ ከድምዑሉ ዝኽእሉ ኣብ ምምዳብን ዓቢ ግደ'ዩ ነይሩወን። እታ ጉጅለ ባህሊ፡ ድሌትን ዝንባለን ተመሃሮኣ ብምልላይ፡ ኣብ ጨንፈራት ስእሊ፡ ሙዚቃ፡ ደርፊ፡ ትልሂት፡ ወዘተ እናመደበት ኣብ ምምልማል መንእሰያት ዕዙዝ ታሪኽ ሰሪሓ'ያ። መዚቀኛ ዓወት ዑቕባይ፡ ኣብ ጉጅለ ባህሊ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ከሰላ፡ ኪቦርድ ክጅምር እንከሎ ኣይርስዮን። ቅድሚኡ ብዝነበሩ ሞያውያንን ሓለፍቲ ናይታ ጉጅለን እናተኣልየ፡ ቲን-ቲን ኩቡላ እንከሎ እዕዘቦ ነበርኩ። ሎሚ ዓወት ዑቕባይ፡ ሓደ ካብ ዝበለጹ ሞያውያን ኪቦርድ ኮይኑ፡ ኣብ ኣመሪካ እናተቐመጠ፡ ኣብ ኤርትራን ኣብ መላእ ዓለምን ምስ ህቡባት ደረፍቲ ሞያዊ ኣበርክቶኡ ዝቕጽሎ ዘሎ'ዩ። እታ ሰረት ድማ ወትሩ ጎሊሓ ትርአ። ኣብኣ'ዩ ተሳሒሉ፡ ሞያ ኣጥሪዩ፡ ሞያዊ ኮይኑ። ሎሚ ኣብይን ከመይን ከም ዘለዉ ዘይዝከሮም ብዙሓት ሞያውያን ድማ ፈርዮም'ዮም። ህቡብ ወቓዒ ጃዝ፡ ህያቡ ዝስሙ፡ ክንዮ'ቲ ዘካይዱዎ ልምምድ፡ ኣብ ክፍሊ ስላዕ ሒዙ ብምእታው፡ መምህር ኣብ ዘይነብረሉ፡ ነቲ ሰደቓታት እናሃረመ ወኑ ከውጽእ ምርኣይ ልሙድ ነበረ። እቲ ወኒ'ቲ፡ ኣብቲ ዝካየድ ስሩዕ መደባት ምርኢት ባህሊ፡ ብመሳርሒታት ሙዚቃ ተሰንዩ ክቐርበልና እንከሎ ምስ ምውስዋስ ኢዱን እግሩን ንዛዛ ነበርና።

ናይ ወዲ-ሼኽ "ባቡራይ" እትብል ደርፊ ብምድጋሙ፡ "ባቡራይ" ዝብል ሳጓ ዝወጽኦ ኣባል ናይ'ታ ጉጅለ፡ ካብ ፍጹም ዘጸልሉና ዝነበሩ ተመሃሮ እዩ። ምልክት ኣደራርፋኡን ምቁጽጻር መድረኽን ዝተዓደለ ባቡራይ፡ ክልተ ግዜን ልዕሊኡን ቢስ ከይተባህለ ካብ ምርኢት ኣይወርድን ነበረ። ሊዛ ሙሳ፡ "ሸዊት ዕፉን ሸዊት ስገም" ኩቶቐርበልና እንከላ'ሞ፡ ነቲ ደርፍታት እንታይ እዋን ኣጽኒዕናዮ ኣይርድኣንን፡ ሆ ንብል - ብሓባር። ፍቕሪ ውድብናን ቃልስናን ዘሕደሩልና ድማ እዞም ጉጅለ ባህልን እቶም ቡበእዋኑ ካብ ሜዳ ናብ ከሰላ እናኸዱ ዘርእዩና ዝነበሩን ዓበይቲ ጉጅለታት ባህሊ ውድብን ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ነበሩ። እቲ ፍቕሪ'ቲ፡ ኣብ ሜዳ ተዳልዩ ብዝዝርጋሕ ዝነበረ ቪድዮታት - ደርፍታትን ተዋስኦታትን - እውን ይድርዕ ነይሩ'ዩ። "ስዒድ ሕውየ" እንብላ ዝነበርና፡ "ምስል መን ትሓድገኒ" ዝብል ክፋላ እናደጋገምና ፍቕሪ ምስ ህዝብናን ገድልናን፡ ጽልኢ ድማ ኣብ ልዕሊ ጸላእትና ከም እነዕቢ ካብ ዝገበራ ስራሓት'ያ። ቪድዮታት፡ መጽሔታት፡ ኣሳእል፡ . . . ብቐጻሊ ይመጽኡና ስለ ዝነበረ ድማ፡ እቲ ምትእስሳር መመሊሱ ንኽስጥም ዝሓገዘ ነበረ።

ማእከል ኩሉ'ቲ ዝሓደረና ፍቕሪ ድማ መማህራንና ነበሩ። ዝበዝሑ ካብኣቶም ስንኩላን እዮም። እግሩን ኢዱን ዝተቖርጸ፡ ዓይኑ ዝስኣኑ፡ ምንጋጋኡ ዝተሰብረ፡ ኮታ፡ ዝተፈላለየ ሕብሪ መውጋእቲ ዝነበሮም'ዮም። ሎሚ፡ ኣብ ከሰላ ካብ ዝነበሩ፡ መምህር ግርማይ ገብረህይወት፡ መምህር ነጋሲ ገብረድንግል፡ መምህር ተኽለሃይማኖት፡ መምህር የማነ ክዝክር እንከለኹ፡ እቲ መውጋእቶም የቕንኣና ምንባሩ እዝክር። ምስ መሳቱና - ብዕድመ ኣብ ፈለማ 10ታት ነበርና - ዛንታ መውጋእትን መስዋእትን መሪሕ ቦታ ነበሮ። ኑቶም ብምርኩስ ዝኸዱ መማህራንና እናጠቐስና፡ "ኣነ ምስ ዓበኹ ከም መምህር እገለ እየ ክኸውን" ክንበሃሃል'ውን ዝርሳዕ ኣይኮነን።

ናይ ቊጽሪ (ሕሳብ) መምህርና ዝነበረ መምህር ተኽለሃይማኖት ዘይርስዓሉ ምኽንያት ብዙሕ'ዩ። ሓደ ካብኡ፡ ዘሕደረልና ፍቕሪ ንንባብ'ዩ። "ማትስ" ምሂሩ ምስ ወድአ፡ ካብ ግዜኡ 10 ደቒቕ ንንባብ መጽሓፍ ይፈልየልናን የንብበልናን ነበረ። እታ ዘይርስዓ መጽሓፍ ድማ "ወዲ-ሓደራ - ካብ ባድመ ናብ ሳሕል" እትብል ነበረት። መዓልታዊ እናኣንበበ ኣብ ልብና ከም እትሓድር ብዝገብር ክእለት'ዩ ኣስሪጹልና። ብቐጻሊ ከነንብብ ብምትብባዕ ድማ ነቲ ክሳዕ ሕጂ ዘይተፈለየና ፍቕሪ ዘሪኡልና። ግጥሚ ክንጽሕፍን ኣብ ቅድሚ ተመሃሮ ከነንብቦ ዕድል ብምሃብን እውን፡ ድሌትናን ዝንባለናን ንምልላይ ሓጊዙና'ዩ። ኮታ፡ ኩላቶም መማህራንና ብደቂቕ እናተኸታተሉ ተውህቦናን ዝንባለናን ኣለልዮም፡ ናብ እነድምዓሉ ይኣልዩና ነይሮም'ዮም። እቲ ዝሃነጹዎ ፍቕሪ ድማ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርትና'ውን ምስ ኣብ ከባቢኣ ዝነበራ ካልኦት ኣብያተ-ትምህርቲ ኤርትራውያን ብምውድዳር፡ ጸብለል ከም እንብል ዝገበረና'ዩ። ክሳዕ ሻድሻይ ክፍሊ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ምስ ተመሃርና፡ ናብቲ ብዩኒስኮ ዝፍለጥ ዝነበረ ብUNHCR ዝምወል ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ንኽንኣቱ ፈተና ንወስድ። ኣብቲ ፈተና ዝበዛሕና ካብ ቤት-ትምህርትና ንሓልፍ ምንባርና ድማ፡ መርኣያ ጻዕሪ፡ ተወፋይነት፡ ብቕዓት መማህራንና ነበረ። ብራእይን ልዑል ሃገራዊ ስምዒትን'ዮም ተመሃሮኦም ዝኣልዩ ዝነበሩ።

ሎሚ 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ እንጽንብለሉ፡ እታ ቤት-ትምህርቲ፡ ክንዮ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ብሞያ ክንህነጽ፡ ኣብ ውሽጥና ዘስረጸቶ ስምዒት ሃገራውነት እውን ዕዙዝ'ዩ። ካብቲ ወትሩ ዝዝከር፡ ኣብ ሱዳን ጥምረት ኤርትራውያን እዩ። ኣብኡ ኩሉ ኤርትራዊ (ኣብራሃም ይኹን ኢብራሂም) ወይ ሓወቦኻ ወይ ኣኮኻ፣ ኩለን ኤርትራውያን (ዛህራ ትኹን ሳራ) ድማ ወይ ኣሞኻ ወይ ሓትንኻ ምኳኑ እዩ ብወለድናን መማህራንናን ዝንገረና ነይሩ። ኣብታ ቤት-ትምህርትና ዝነበረ መንፈስ ድማ ጥሙር'ዩ ነይሩ - ኩላትና ኣሕዋት ኣብ ትሕቲ ሰንደቕ ዓላማና።

## ደሃይ ሕትመት

### "እኩብ ሓጸርቲ ዛንታታት ሚኪኤል በርሀ"

"እኩብ ሓጸርቲ ዛንታታት ሚኪኤል በርሀ" ዘርእስቱ፡ ንዕዮታት ስዉእ ስነ-ጥበበኛን ጋዜጠኛን ሚኪኤል በርሀ ዝጠርነፈ መጽሓፍ፡ ብ05 መስከረም ኣብ ሲነማ ሮማ ምስ ኣንበብቲ ተላልዩ። ኣብቲ መደብ ምልላይን ዝኽርን፡ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ መደባት - ሰነዳዊ ፊልም ዛንታ ደራሲ፡ ደርፍታት፡ ገምጋምን ጡብላሕታን መጽሓፍ - ቀሪቡ።




መጽሓፍ፡ "እኩብ ሓጸርቲ ዛንታታት ሚኪኤል በርሀ"፡ ቀዳማይ ዓመት መስዋእቲ ደራስን ጋዜጠኛን ሚኪኤል በርሀ ኣጋጣሚ ብምግባር እተሰናደአ ምኳኑ፡ ኣካያዲት ናይቲ መደብ ገሊጻ። ዕዮታቱ ብሓፈሻ፡ ብህይወት እንከሎ ዘሕተሞን ድሕሪ ሕልፈቱ ካብ ዝሓደጎ ዝተመርጸን ኣብ ሓደ መጽሓፍ ብምጥርናፍ'ዩ ተሓቲሙ ዘሎ። ኣብ "ፈታው ሰዓት" ከምኡ'ውን "መጉጎ እምኒ" ዝብላ መጻሕፍቲ ዘለዋ ሓጸርቲ ዛንታታት ኩለን፡ ኣብ ዓለም ህቡባት ዝኾና ዝተርጎመን ሸዱሽተ ሓጸርቲ ዛንታታት፡ ኣብ ዕለታዊ መዝገቡ ካብ ዝተረኽበ መዘክር (ድያሪ)፡ ዝሓዘት እታ መጽሓፍ፡ ኣብ ስነ-ጽሑፍ ሃገርና ምቕሉል ኣበርክቶ ክህልዋ ምኳኑ ተገሊጹ።


መጽሓፍ፡ "እኩብ ሓጸርቲ ዛንታታት ሚኪኤል በርሀ"፡ 25 ሓጸርቲ ዛንታታት፡ 7 ሓቀኛ ዛንታታት፡ 6 ስራሕ ትርጉም ከምኡ'ውን ደያሪ ዘጠቓልል ኣብ ኣርባዕተ ክፋላት ዝተመደበ 492 ገጻት ኣሎዋ።

### "እንታይ ይሓይሽ"

ብገጣሚ መለስ ንጉሰ ዝተዳለወት መጽሓፍ እኩብ ግጥምታት "እንታይ ይሓይሽ"፡ ዓርቢ 04 መስከረም 2026 ኣብ ሆቴል እምባሶይራ ምስ ኣንበብቲ ተላልያ። እዛ ካልኣይቲ መጽሓፍ እኩብ ግጥሚ ደራሲ "እንታይ ይሓይሽ"፡ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ህይወት ዝድህስሱ 80 ግጥምታት ኣሎዋ።

ኣብ'ቲ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ማሕበረሰብ ግጥሚ፡ ቤተሰብ ገጣሚ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ፡ ምስትምቓርን ገምጋምን መጽሓፍ ብዝተፈላለዩ ሞያውያን ክቐርብ እንከሎ፡ ገለ ግጥምታት ድማ ተነቢበን።

ገጣሚ መለስ ንጉሰ ኣቐዲሙ፡ "ዘሎ'ዩ ዝህሉ" ዘርእስታ ናይ ግጥሚ መጽሓፍ፡ "ሓድሽ መናፈሻ" እኩብ




ሓጸርቲ ዛንታታት፡ ከምኡ'ውን "ኔው-ነጀው" ልቢ-ወለዳዊ ጽሑፍ ኣሕቲሙ'ዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራዊ በዓላት ዓበይቲ ግጥምታት ዘቕረበ መለስ፡ ኣብ ስነ-ጽሑፍ ሃገርና ብሓፈሻ ምቕሉል ኣበርክቶ ኣሎዎ።

ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሸባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቐጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ክነግርዶ፧



ደዋሊ፥ ሄለው።

ኣማኻሪ፥ ሄለው ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ። መን ክብል፧

ደዋሊ፥ መሓሪ እበሃል። ካብ ኣስመራ እየ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ መሓሪ፡ ዕድሜኻን ምኽንያት መደወሊኻዶ ምነገርካኒ፧

ደዋሊ፥ ወዲ 37 ዓመት እየ። ዝፈትዎ ዓርከይ ኣሎኒ። ብዓል ሓዳርን ኣቦ 3 ቈልዑን እዩ። ብዓልቲቤቱ ምስ ካልእ ሰብ ዙረት ጀሚራ እሞ እንታይ ከም ዝገብር ሓርቢቱኒ እየ ናባኹም ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ መሓሪ ፈለማ ናባና ብምድዋልካ ከመስግነካ እፈቱ። ቀጺሉ፡ ብዛዕባ እዚ ትብለኒ ዘለኻ ጉዳይ ዝያዳ ከተብርሃለይ ምደለኹ፧ እዚ ትብሎ ዘለኻ ነገር ኣረጋጊጽካ ዲኻ ትዛረብ ዘለኻ፧

ደዋሊ፥ ምርግጋጽ ጥራይ! ብተደጋጋሚ ግዜ ብዓይነይ ርእየያ እምበር። ሕጂ ንዓርከይ ክነግሮዶ ወይስ ስቕ ክብል እዩ ዘሎኒ፧ ምውሳን ኣጸጊሙኒ እየ ናባኹም ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ እስከ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ዝያዳ ኣነጺርካ ግለጸለይ፧

ደዋሊ፥ ጸገም የብሉን። እንታይ መሲሉካ፡ ዓርከይ ኣብዚ ዓዲ ዝነብር ኣይኮነን። ማለት ብተደጋጋሚ ንስራሕ ምስ ገሸ እዩ። ኣብተን ዝመጽኣለን እዋናት ከኣ ፈታዊ ደቁን ኣኽባሪ ሓዳሩን እዩ። ኣብታ ዘዕርፈላ ግዜ፡ ግዜ ከይንቃጸጸ ብምባል ንኣና ነዕሩኽቱ እውን ክንራኸብ እንተ ደልዩ ናብ ገዝኡ እዩ ዝዕድመና።

ብዓልቲቤቱ ኣዝያ ንፍዕትን ኣኽባሪት ሰብን እያ። ብውሑዱስ ከምኡ እያ ትመስለና ነይራ። ንሕና ንገዝኡም ኣብ ንመጽኣሉ እዋን ብፍላይ፡ እዚ ዝብለኪ ዓርከይ ካብ መገሻ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን፡ ልዕሊ መጠን ክንክን፡ ፍቕርን ሓልዮትን እያ ትልግሰሉ። መቸም ከምዚኣስ ይሃበና ኢና ንብል ኔርና።

ኣማኻሪ፥ ቀጽል መሓሪ እሰምዓካ ኣለኹ።

ደዋሊ፥ ዓርከይ ናብ ስርሑ ካብ ዝገይሸ ሕጂ ኣስታት ክልተ ወርሒ ገጹ ኣቢሉ ይኸውን እዩ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ምስ ሓደ ሰብ መስተ ክትሰቲ ርእየያ። ከይደ ዋላ ነዛ ሰላም'ውን ትኹን ክብላ ተሰኪፈ ስቕ ኢለ ክዕዘባ ኣምሰየ። ኣብ ሳልስቲ ናይዛ ዝበልኩኻ ኣጋጣሚ ሓደ ንግሆ ድማ ምስኡ ምስቲ ዝበልኩኻ ሰብ፡ ካብ ሓደ ሆቴል ብሓንሳብ ክወጽኡ ብፊተይ ርእየዮም። ንዓይነይ ክኣምን ኣይከኣልኩን። እዋእ ኢለ ምግራመይ ከይወዳእኩ፡ ናብ መኪና ኣትዮም ከይዶም። ብድሕሪ'ዚ እውን ኣብ ሓደ ካልእ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሓደ መዘናግዒ ማእከል፡ ብሓንሳብ ክስዕስዑን ክሰትዩን ርእየዮም። "እንታይ ሕማቕ ነገር እዩ ወደይ እዚ፣ ኣምላኽሲ እንታይ ጸሊኡለይ እዩ ከምዚታት ሕማቕ ነገር ዘርእየኒ፡" እናበልኩ፡ ምስ ነብሰይ ከማርር ቀንየ። ሕጂ ትማሊ ምሸት ከኣ ከምኡ፡ ኣብ ሓደ መዘናግዒ ማእከል ብሓንሳብ ጸኒሖምኒ። በቃ መስተ ይሰትዩ ይስዕስዑ።

ኣማኻሪ፥ ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ትብሎ ዘለኻ ነገራት ሰሚዕካላ ወይ ርኢኻላ ትፈልጥዶ፧

ደዋሊ፥ ምስማዕ ደኣ እወ። ኣቐዲሙ ሓደ ሰብ ምስቲ ዝበልኩኻ ከም ትሕመ ተዛሪቡኒ ነይሩ። ኣነ ግን ክኣምኖ ኣይከኣልኩን። "ስቕ ኢልካ በላቤለው እዩ። ብዓይንኻ ከይርኣኻ ኣይትዛረብ፡" ኢለ ገጽ ከሊአዮ።

ኣማኻሪ፥ ኣብዚ ጉዳይ ቀንዲ ዘፍርሓካ ነገር እንታይ እዩ፧

ደዋሊ፥ እንድዒ በቃ። ንዓርከይ ክነግሮ ደልየ ግን ከኣ ሓዳሩ ፋሕ ከይብል ፈሪሐ። 'እቶም ንኣሸቱ ጥዑም ዝለመዱ ምጭዋት ደቁኸ እንታይ ክኾኑ እዮም፧' ኢለ እሓስብ። ስቕ ኢለም ይርኣዩኒ። ከምቲ ዝበልኩኻ ከኣ ዋላ ደኣ ብሰብ ክምሓል ዝካኣል ኣይኹን እምበር፡ ዓርከይ ግን ፈታዊ ሓዳሩን ደቁን እዩ። እንድዒ እንተ ፈሊጡ ከጓንፎ ዝኽእል ስነ ኣእምሮኣዊ ሃሰያ እምብዛ የሻቕለኒ። ንኣኣ ምዝራብ'ውን ሓሲበዮ ነይረ፣ ግን ከቢዱኒ።

ኣማኻሪ፥ ክሳብ ሕጂ ካብ ምክትታል ሓሊፍካ፡ እንታይ ዝገበርካዮ ኣሎካ፧

ደዋሊ፥ ብግብሪ ዝገበርክዎ የብለየን። ብሓሳብ ግን ዕረፍቲ ስኢነ። እንተ ተዛሪብክዋ ናይ ሰብ ነገር "ሓሲኻ ኢኻ፡" ከይትብለኒ ወይ ምስ ዓርከይ ከይተባእሰኒ ፈሪሐ። ብኻዶ ቪዲዮ ጌረ ብሞባይል ቀዲሐዮም ወይ ስእሊ ስኢለዮም እብል። ግዳ፡ ቅኑዕ ተግባር መሲሉ ስለ ዘይተራእየኒ እንቋዕ ዘይገበርክዎ እብል። ክገርመካ፡ 'ዓርከይ ምስ መጽኣዶ ወላ ብኣጋጣሚ እንተ ርኣያ ኣብተን ንሳ ትዛወረለን ዘበሃላ ቦታታት ወይ ኣብቲ ኣነ ዝረኸብክዋ ቦታ ክወስዶ፡' ኢለ'ውን እሓስብ እየ። ንሳ ግን ንሱ ምስ መጽአ ፈጺማ እያ ካብ ገዝኣ ዘይትወጽእ። እንድዒ በጃኻ፡ ከቢድ እዩ፣ እንታይ ይሓይሽ ትብል፧

ኣማኻሪ፥ ብርግጽ ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን። ኣብ ልዕሊ ሓዳርካ ምዝማው፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ከስዕቦ ዝኽእል ስነ ኣእምሮኣዊ ሃሰያን ሕንፍሽፍሽን፡ እንተ ተረጋጊጹ እውን ብሕጊ ዘሕትት እዩ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ጥንቅቕ ኢልካ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ተኽእሎታት ኣድቂቕካ ምሕሳብ ከድልየካ እዩ። እቲ ዝሓሸ ውሳነ ከኣ ንስኻ ኢኻ ክትውስኖ ዝግብኣካ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ካብ ምዝራብ ስቕ ምባል ዝኸፍኣሉ ኣጋጣሚታት ክህሉ ስለ ዝኽእል። ካብ ሓዳርካ ወጻኢ ምዝማው ተኣሳሲሩ ክመጽእ ዝኽእል ብዙሕ ሕማማት ከም ዘሎ ኣብ ግምት ብምእታው ማለት እዩ። ፈለማ ግን ምስኣ ብግልጺ ምዝርራብ ክትሓስበሉ ትኽእል ኢኻ። ምኽንያቱ፡ ኩነታት ሓዳር ዓርክኻ ብዘይካ እቲ ብደገ ትዕዘቦ ዘለኻ ነገር፡ ካልእ ዝተደጉሉ ነገራት ክህልው ስለ ዝኽእሉ። ተቐዳዲምካ ናብ ፍርዲ ዘይምጉያይ ይሓይሽ። ምስኣ ኮፍ ብምባል ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ገለ እዋናት ነገራት ኣብ ዘበኣሰ ደረጃ እንተ በጺሖም፡ ምፍልላይ ዝሕሸሉ ኣጋጣሚታት እውን ኣሎ። ስለዚ ዝኾነ ጉዳይ ምስ ዝህልዋ ግልጺ ኮይና ምስ ብዓልቤታ ክትዘራረብ ዕድል ክትፈጥረላ'ውን ክንደይ ምጸበቐ። ክዕረ ዝኽእል ነገር እንተ'ሎ ምጽጋኑ ወሳኒ እዩ። ይቕረ ተባሃሂልካ ምጉዓዝ እውን ዘይርአ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ነዚ ኩሉ ኣማራጺታት ተጠቒምካ፡ ተጠንቂቕካን ኣጸቢቕካን ምሕሳብ የድሊ። ንስኻ ድማ ምዝራብ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንታይን ብኸመይን ትዛረብ እውን ከገድሰካ እዩ። እቲ ቀንዲ ግን ዕላማኻ ምንጻር ይግባእ። እዚ ድማ ብዝተኻእለ መጠን ካብ ስምዒት ወጺእካ ብውድዓዊ ኣገባብ ሓሲብካ ምውሳን እዩ። ንምፍልላይ ዘይኮነ ንምጽጋን እናሓሰብካ ክትበሃሃል ፈትን። ስለዚ፡ እዚ ኩሉ ነገር ኣብ ግምት ኣእቲኻ ድሕሪ ምስኣ ምዝርራብ፡ በቲ ዝመጽእ ግብረ መልሲ ነቲ ጉዳይ ናበይ ትመርሖ መገዲ ክህበካ እዩ።

ደዋሊ፥ ብዙሕ ዝሕሰብ ኢኻ ሂብካኒ ዘለኻ። ብዘይ ቃልዓለም ግን ምስ ኣዕለልኩኻ ቁሩብ ፍኹስ ኢሉኒ ኣሎ።

ኣማኻሪ፥ ብምድዋልካ አመስግነካ መሓሪ።

ደዋሊ፥ ይቕሬታ ግበረለይ፡ ኩነታት ከመይ ከም ዝቐጸለ ክነግረካ ምእንቲ፡ ደጊመ ክድውለልካ ይከኣል ድዩ፧

ኣማኻሪ፥ ይከኣል እወ። ኣብ ተመሳሳሊ መዓልትን ሰዓትን ብምድዋል ክትረኽበኒ ትኽእል ኢኻ።

ደዋሊ፥ የቐንየለይ። ብሩኽ መዓልቲ ዝሓወይ።

ኣማኻሪ፥ ገንዘብካ መሓሪ። ብሩኽ መዓልቲ።

## ሓሳባት

# ኣተናኻ የልምዓካ የጥፍኣካ

ሓደ እዋን፡ ሓደ ሰብ ናብ ብልዩዝ ፓስካል ቀሪቡ፡ "እቲ ሓንጐልካ ናተይ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ካብዚ ዘለኹዎ ኣመና ዝበለጽኩ ሰብ ምኾንኩ፡" ክብል ተዛረቦ። ፓስካል ከኣ፡ "ካብዚ ዘለኻዮ ዝሓሸ ሰብ ኰን፣ ሽዑ ከም ሓንጐለይ ክህሉወካ እዩ፡" ክብል መለሰሉ።

መሰረት ናይ ዝኾነ ዓወት ወይ ውድቀት ኣተና እዩ። ቅኑዕ ኣተና ኣብ ዘሎና እዋን፡ ኣብ ዙርያና ዕድላት ይዓጉ፣ ናትና ስራሕ ነዚ ዕድላት ኣሊልና ኣብ መዓላ ምውዓል እዩ። ኣብ ሓደ መገዲ ክንዲ ገለ ደንጐላ ኣሎ ንበል። ንሓደ እወታዊ ኣተሓሳስባ ወይ ኣጠማምታ ወይ ኣተና ዘሎዎ ሰብ፡ ናብ ዓወት ዘደይቦ መሳልል ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ንሓደ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘሎዎ ሰብ ከኣ ዕንቅፋት ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ህይወትና ንዝገጥመና ዝተፈላለየ ጉዳያት ከም ዕንቅፋት፡ ግድዓት፡ ሕንኩላ፡ … ክንወስዶምን ዘይክንወስዶምን ኣተናና'ዩ ዝውስን።

ዘሎና ኣተና፡ ብዝዓበየ መልክዑ፡ ኣብ መዕበያና ዝተሃንጸ እዩ። ንኣተናና ዝውስኑ ስለስተ መሰረታውያን ረቛሒታት ኣለዉ፥ ኣከባቢ፡ ተመክሮን ትምህርትን። ኣከባቢ፥ ንገዛና፡ ቤት ትምህርትና፡ ቦታ ስራሕና፡ መራኸቢ ብዙሃን፡ ባህሊ፡ ሃይማኖት፡ ያታን ልምድን፡ ሕብረተሰብን ፖለቲካን የጠቓልል፣ ተመክሮ፥ ምስ ሰባት ንዘሎና ጥቡቕ ርክብን ኣጋጣሚታትን ይውክል፣ ትምህርቲ፥ ብስሩዕን ዘይስሩዕን እንረኽቦ ፍልጠትን ክእለትን የጠቓልል።

እወታዊ ኣተና ዘሎዎ ሰብ፡ ኣብ ገዛእ ርእሱን ካልኦትን ዓቢ ትጽቢት ኣሎዎ። እወታዊ ውጽኢት ሃንቀው ይብል። እወታዊ ኣተና፤ ኣፍራይነት የዕቢ፡ ሓባራዊ ስራሕ ይኹስኩስ፡ ሽግራት ይፈትሕ፡ ብቕዓት የዕቢ፡ ቅዱው ሃዋህው ይፈጥር፡ ተኣማንነት የራብሕ፡ መኸሰብ የኻዕብት፡ ጽቡቕ ዝምድና ይፈጥር፡ ወጥሪ የጉድል፡ ዘሐጉስ ንስኻ ክህሉወካ የኽእልን ካልኦት ዝሓሸ ኣበርክቶ ክህሉዎም የተባብዕን። ኣሉታዊ ኣተና ድማ መረረ፡ ኰራ፡ ዕላማ ኣልቦ፡ ጥዕና ኣልቦን ጭኑቕን ይገብረካ። ኣብ ህይወትና እወታዊ ኣተና ንኽንሃንጽን ንኽንዕቅብን፡ እወታዊ ኣተና ንምህናጽ ዘገድሱ ረቛሒታታ ወይ መትከላት ክነቕሓሎም፡ እወታውያን ንምኳን ኩቱር ባህጊ፡ ንእኡ ንምኽስካስን ምልምማድን ዘድሊ ዲሲፕሊንን ተወፋይነትን የድልየና።

ኣብ ዝኾነ ዝጉንፈና ነገር፡ ኰነታት ይኹን ሰብ ብውሑዱ ገለ ንእሽተይ ጽቡቕ ነገር ኣሎ። ሓደ ሓደ እዋን ነቲ ኣመና ንእሽተይ ጽቡቕ ክንረክብ ዝያዳ ክንፍሕር ኣሎና። ተኸዊሉ ወይ ተደፊኑ ክጸንሓና ስለ ዝኽእል። ከምቲ ኣንድረው ካርነጊ ዝበሎ፡ "ኣብ ገለኡ፡ ምስ ገለ ሰባት እትገብሮ ርክብ ወይ ኣልያ፡ ልክዕ ከም ዕደና ወርቂ'ዩ፣ ነቲ ብሉጽ ሸነኾም ክትረክብ ብዙሕ ግዕዘይ ምዕዘይ ክትኣሊ ኣሎካ።"

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ማትኣ ቁ.ገዛ 37 ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00023576 ናይ ዱኳንን ወጽኢት ጸባን ትካሊዩ ወ/ሮ ቤትኤል ሃደለ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ማትኣ ቁ.ገዛ 37 ብዕለት 06/06//2026 ቁ.መዝ 351/2026 ብውህብቶ ስለ ዝሰበኩዋ፡ ብስም ወዝቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናይ ስም ተቐባሊ ህያብ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ፡፡

ለተሚካኤል ገብረክርስቶስ ሰቓር

---

ንሕና ቀሺ ተኽለንኣብን ሚካኤል ተኽለን፡ ኣብ ዞባ ማእከል ዞባ 3 ንኡስ ዞባ 5 ፕሎት 10 ፓርሰል G ስፍሓት መሬት ብዮሾምት 500 ት/ሜትር መ/ቁ 130670/198/መ.ቁ/72 ንክስራሕ ካብ ክፍሊ ፕላንን ቴክኒክን ዝተዋህበና ናይ ፍቓድ ደብዳበ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07152415 ክሕብረናን ንምም/ን/ዞባ ቀሓውታ ክረክበልናን፡፡ እንተዘየሉ፡ መተካእታ ክወሃበና ክንሓትት ምኳንና ብትሕትና ምልክታና ነፍልጥ፡፡

ሚካኤል ተኽለ

---

ብስም ሓፍተይ ወ/ሮ ኣበባ የውሃንስ ሙብራህቱ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/08 ጎደና ቁ.807 ቁ.ገዛ 101 ፕሎት 15 Bis ፓርሰል “A” ዝርከብ፡ ስፍሓቱ 174.25 ት/ሜትር ዓይነት ህንጻ ቪላ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 100855 መወከሲ ቁጽሪ 103052፡103055 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፣ ናይዚ ገዛ ኦርጂናል ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07194374 ወይ 07808451 ክትሕብሩኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ዋንነት ሊብሬቶ ካብ ቤ/ጽ ኮምሽን ኣባይቲ ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ሂወት ውረታ ዑቕባይ

---

## ምልክታ ጨረታ

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ (ኤሪተል)፣ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ኣብያተ ጽሕፈታቱ ኣብ ዘሎ ኣርባዕተ ኣብያተ ሻሂታት ኣገልግሎት ዝህቡ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡ ተጫረትቲ እዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ይግባእ፡

1. ተጫረትቲ፡ ናይ ቤት ቁርሲ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ፡
2. ተጫረትቲ፡ ናይ መውዳእታ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ፡
3. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ብ CPO ክትሕዙ ኣለምም፡
4. ተጫረትቲ፡ መኽበሪ ጨረታ ምስ ኣትሓዙ ዝርዝር ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ኤሪተል ከባቢ ፋብሪካ ኣልኮላዊ መስተ (እንዳ ፊኒሊ) ቁጽሪ 03 ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንተኸታተልቲ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን፡፡
6. ጨረታ ዝኸፈተሉ ድሕሪ ጨረታ ምዕጻው ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ መኣከቢ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኤሪተል ጎደና ሰማእታት ቁጽሪ 11፣ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ይኽፈት፡፡
7. ኤሪተል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኸበ፡ ንጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ (ኤሪተል)

---

ብስም ወላዲትና ኣፍ/ሄራት መዘይ ኢብራሂም ፍትዊ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/12 ጎደና “ሀ” ነበር (ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ሻሪጋ) ቁ.ገዛ –ዝርከብ ቀንዲ ክፍሊ 6 ተሓጋጋዝቲ 5 ዘለዎ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 108441 መወከሲ ቁጽሪ 101236 ዝተረጋገጸ ገዛ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

ኑረዲን ብርሃኑ በሻር +2
ወኪል ዓብደልሓሚድ መሓመድ ኢማም

---

## ምልክታ ጨረታ

ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት (ቀያሕቲ ኣውቶብሳት) ኣብ ዝም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ጽገና ስርሓት ንዘሎ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ዓይነት ጨረታ፦
1. ምጥምጣምን ምጽጋንን ዲናሞታት ናይ ዝተፈላለዩ ኮምፕረሰረታት፡ ጀረተር፡ ቶርጆን ካልእን ናይ ኤሌትሪክ ስርሓትን፡፡
2. ምስራሕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጎማታት፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦
1. ጨረታ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ዕለት ን10 መዓልታት ንኹሎም ሕጋውያን ተጫረትቲ ክፉት ይኸውን፡፡
2. ተጫረትቲ ዘቕረብዎ ዋጋታት ብመሰረት እቲ ብትካል ዝወጸ ሕጋዊ ሰነድ ጨረታ ኮይኑ ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቕረብ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
4. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሲራ፡ ከምኡ’ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (clearance) ናይ ዓመት 2024 የቕርቡ፡፡
5. እዋን ምርካብ ሰነዳት ጨረታ ምስ ኣብቅዐ ቀጺላ ኣብ እትርከብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኩሎም ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከሎም ኣብ ዝተረኸብሉ እዋን ስነ ስርዓት ምኽፋት ሰታሪት ተጫረትቲ ትካላት ይኸውን፡፡
6. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20,000.00 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብ C,P,O ኣትሒዞም የቕርቡ፡፡
7. ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ፊት ቤት መግቢ ሊባኖስ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈትና መጺእኩም ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 200207 ብምድዋል ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡
8. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት

---

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 749-31፡ ዚፕ ኮድ 1A749 ፕሎት ቁ/12 ፓርሰል ቁ/”28” ቁጽሪ ገዛ 155 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ብስም ወሃብቶ ዝፈጸመትለይ ወላዲተይ ወ/ሮ ዘውዲ ገብረእየሱስ የሴፍ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይ ቀሪቡ ግና ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፈጽም ምኳንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ህድኣት ማስፍን ኢሳቕ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 674/A ቁ ገዛ 12 ቁ. ምስክር ወረቐት 108970 መወከሲ ቁ. 120525 ብስም ወረስቲ ነ/ሄር ነጋሽ ሓሰን ማሕሙድን ወ/ሮ ሓሊማ ሐሰን ማሕሙድን ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺበዮ ወይ’ውን ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ብቑ.ቴሌ 07137130 ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ደዊሉ ይርከበኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ነ/ሄራት ሓሊማ ሐሰን ማሕሙድ
ወኪል ዓብደልዓዚዝ መሓመድ ሰዒድ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንነ ተቓዋሚት ወ/ሮ ኣምለሰት መዃሾ እንግዱዩ ወኪል ኣቶ ተኪኤ ተስፋማርያም፣ ከሳሲ ወ/ሻ ስዩም ኣለማዮ ነፍ/ሄር ጌታሁን ስዩም ኣቶ ወንድምኹ ጌታሁን ስዩም፣ ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ስዩም ኣለማዮ 1. ኣቶ ሚከኤል ስዩም 2. ወረ/ነ/ሄር ጌታሁን ስዩም 2.1 ወ/ሮ ሰምሃር ስዩም +3 3.ወረ/ነ/ሄርት ጸሃይነሽ ስዩም 3.1 ኣቶ ኤርሚያስ ቀሊታ 4. ወ/ሮ ሙሉ ስዩም 5.ወ/ሮ ኤደን ስዩምን ዘሎ ጉዳይ፣ ተኸሰስቲ 1.ኤርሚያስ ቀለተ 2.ወ/ሮ ሙሉ ስዩም 3.ሰምሃር ስዩም 4. ወ/ሮ ኤደን ስዩም 5. ኣቶ ቢንያም ቀሊታ፣ ኣድራሻኦም ወጻኢ ሃገር ስለዝኾነ፡ ብመሰረት መ/ሲ/ስ/ዓ 108 ይጸውዑሎይ ስለ ዝበለ፣ ን10/11/26 ኣብ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘይብሉ ምልኣት ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ መንጠግበሽ ተላ ኣሃንያ፡ ብዓል ቤተይ መዃሾ ጉበሩ ስለዘየረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ሳዕድያ መሓመድኣሕመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ሰለሙት መሓመድኣሕመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

መባረክ መሓመድ ነጂብ ምባል ተሪፉ፡ መባረክ መሓመድ ነጂብ ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድኑር መሓመድዓሊ ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ መሓመድኑር መሓመድዓሊ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት 36 ቁ.ገዛ 11 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቁ.ምስክር ወረቐት 105395 መወከሲ ቁጽሪ 123083 ብስም ወላዲተይ ነፍ/ሄወት ዑቕቡ ጻድቕ ተመዝጊቡ ዝተረጋገጸ ንብረት ገዛ ብውርሲ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ናይ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ምዃነይ ኣረጋግጽ።

ኣዜብ በርህ መዃሾ

---

ኣነ ዓዳጊ ኣቶ ጀማል ኢብራሂም ኣሕመዲን ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ዞባ 09 ምም/13 ጎደና ሌ ቁ/ገዛ 9 ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስ/ወረቐት 110940 ብመወከሲ ቁ.128358፡ ብስም ወራሲ ወ/ሮ ጸሃይቱ ካሕሳይ ኣቶ ጎይትኦም ወልደስላሴ ደብሳይ ዝተመዝገበ፡ ንወ/ሮ ሙብራት ገብረስላሴ ብህያብ ዝተዋህበ፡ ንበጽሒታ ዝምልከት ብዕለት 26/09/2007 ስለ ዝዓደግኩዎ ናብ ስመይ ክመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ጀማል ኢብራሂም ኣሕመዲን

---

ኣነ ኣመልካቲት ወ/ሮ ግደይ ዓብደልሓይ ሙሳ፡ ብውዕል መሸጣ መሰረት ካብ ወረስቲ ነፍ/ሄር ሓጂ ዓብደልቃድር ኣሕመድ ነፍ/መሓመድኣማን ዓብደልቃድር ኣሕመድን ወ/ሮ ጀሚላ ዓብደልቃድር ኣሕመድን ብዕለት 29/06/2026 ዓ/ም ውዕል መሸጣ ሙተኣማመኒ ሰነድ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምም 04 ጎደና ባር ቁ.ገዛ 17,19 ስፍሓት መሬት 269.89 ት/ሜ ሎታ 45 ፓርቸላ E መለለዩ ቁ.ምስክር ወረቐት 102456 መወከሲ ቁ.104946/104945 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይቀሳቐስ ገዛ ብውዕል መሸጣ ሙተኣማመኒ ሰነድ ኣነ ዓዳጊት ወ/ሮ ግደይ ዓብደልሓይ ሙሳ፡ ናብ ስመይ ክመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓላሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላልፍ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ግደይ ዓብደልሓይ ሙሳ

---

## ምልክታ

ኣብ ከተማ ኣስመራ እትርከቡ ንግዳዊ ትካላት፡ ናይ ውልቅን ማሕበራትን ኩባንያታት፡ ከምኡ'ውን መንግስታዊ ትካላት፡ ብሞዝን መለክዒታት እትግልገሉ ወሃንቲ ሚዛናት ምስ ከሎታት ሊትሮታት፡ ሜትሮታት ኣውቶማቲክ ሚዛናት ወዘተ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ትካል ደረጃታት ኤርትራ - ድሕሪ ሲኒማ ሮማ ጎረቤት ኤምባሲ ጥልያን ኣቕራብኩም ከተመርምሩ ብትሕና እናሓበርና፡ ኣብ ግዜኦም ኣቕሪቦም ዘይመርመሩ ግን ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክንወስድ ምዃንና ብዘተወሳኺ ንሕብር።

---

ኣቶ ዓብደልከሪም ዓብደላ ስራጅ፡ ዝተፈቕደለይ ናይ ናይ ፋስት ፉድ ንግዳዊ ትካለይ፡ "ኖቫ ፋስት ፉድ" (NOVA SNACK BAR) ተባሂሉ ክሰየመለይ ስለዝሓተተ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፍሒ ከባቢ ዓዲ ጓዕዳድ ፕሎት 45 ፓርሰል A ጎደና – ቁ.ገዛ – ስፍሓቱ 250 ት/ሜ፣ 6 ቀንዲ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘለዎ ተራ-ገዛ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁ.ንብረት 1BRGNF009555/0 ብስም ገነት ገብረልዑል ካሕሳይ ዝተመዝገበ፡ ብመሸጣ ናብ ናትናኤል ግርማይ ስዩም ክመሓላለፍ ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘየቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ናትናኤል ግርማይ ስዩም

---

ንሕና ካቶሊክ መንበረ ጳጳሳት፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞ/ደ/ምዕራብ ከባቢ 02 ቲራቮሎ ፕሎት 131 ፓርሰል I ዝርከብ ስፍሓት 272.50 ት/ሜ ብስምና ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ሚ/መ/ማ/ኣ/ከ/ መሬት ብቁ.ንብረት 57785 ብዕለት 04/03/02 ብጠቕላላ ቁ.መ.95170 ተመዝጊቡ ዝተረጋገጸልና ሊብሬቶ ስለ ዝጠፈኣና፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝበለ ምስ ዝሀሉ፡ ብቁ.ስ 120206 ክሕብረና፣ እዚ ምስ ዘይከውን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታኡ ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ካቶሊክ መንበረ ጳጳሳት

---



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቑ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# “ሂወትና ክንልውጠሉ ዘኽእለና ትምህርትን ስልጠናን ኢና ቀሲምና” ተሃደስቲ

የናታን የዕበዮ
ስእሊ፦ ሮቤል መረስዕ

ሕጊ ኣብ መንነ ሕብረተሰብት ይኹኑ ጠብያት ኲጋጥም ንዘኽእል ረጽሚ ንምቅላል ዝሕግዝ ስርዓት ምሕደራ እዩ። ሕብረተሰብት ብሕጊ ተቐይዶም ሓድሕድ ከተብብሩን እሂን ምሂን ክበሃሃሉን ሰላማዊ ናብራ ክመርሑን የኽእል። ሕጊ ብግዕረ ንኹሉ'ዩ ዘገልግል፣ ሕጊ ዘይምፍላጥ ድማ ካብ ተሓታትነት ከምዘየድሕን ኩሉ ሕብረተሰብ ክፈልጦ ዘለዎ እዩ።

ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ፣ ሓደ ካብቶም ሕጊ ጥሒሶም ዝተቐየዱ ዜጋታት፡ ዝኣረመሉን ዝህደሱሉን ኣብ መወዳእታ ከኣ ብኽእልንትናኦም ብቑዓት ኮይኖም ዝወጽኡሉ ባይታ ዘጣጥሕ ስፍራ እዩ። ኣካል ናይ'ዚ ዝኾነ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰምበል ድማ፡ መሰል ተሃደስቲ እናረጋገጸ ኣብ ቀይዲ ኣብ ዝጸንሐሉ እዋን ንግዚኦም ብግቡእ መታን ክጥቀሙሉ፣ ዓመት ምሉእ ኣብ ረብሓኦም ከውዕሉ ዝሕግዞም ንጥፈታትን መደባትን'ዩ ዘሰርዕ።

ኣብ ፈለማ ሰሙን ወርሒ መስከረም፡ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰምበልን ጸጸራትን፡ ስነ ስርዓት መዛዘሚ ኣካዳሚያውን ሞያውን ንጥፈታት ዓመተ ትምህርቲ 2025/26 ኣካይደን ነይረን። ኣብ'ቲ ኣብ ክልቲኡ ኣብያተ ማእሰርቲ ብጉንዴራታትን ንትምህርትን ተሃድሶን ብዘገልጹ ጭርሖታትን ኣብ ዝወቀበ ዳስ ዝተኻየደ ስነስርዓት ምዕጻው ትምህርትን ምዕዳል ሽልማት ንብሉጻት ተማሃሮን ኣዚ. ኣገ/ማእ/ተሃ/ ኤርትራ ብርጋደር ጀነራል ግርማይ መሓሪ፡ ሚኒስተር ፍትሒ ወ/ሮ ፎዝያ ሓሸም፡ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ፡ ኣዘዙትን ሓለፍቲ ክፍልታትን ቤት ማእሰርቲ፡ ዕድመ ዝተገበረሎም ኣጋይሽን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት ምዕጻው ኣካዳሚያውን ሞያውን ትምህርቲ፡ ኣዚ. ኣገ/ማእ/ተሃ/ ሰምበል ኮ/ል በረኸት ወልደሚካኤልን ኣዚ. ኣገ/ማእ/ተሃ/ ጸጸራት ሌ/ኮ እድሪስ ዓምርን



ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ንኹሎም ተሳተፍቲ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ኣገ/ማእ/ተሃ/ ሰምበል ካብ 3ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ስሩዕ ኣካዳሚያውን ሞያውን ትምህርቲ ከምዝወሃብ፣ ኣብ ኣገ/ማእ/ተሃ/ ጸጸራት ድማ ካብ 2017 ጀሚሩ ኣብ ማትሪክ ነጥቢ ንዘምጽኡ ተሃደስቲ ናይ ኮለጅ ትምህርቶም ዝቕጽሉሉ ዕድል ተፈጢሩሎም ብግቡእ ይከታተሉ ከም ዘለዉ ሓቢሮም። እዚ ብመንግስቲ ንተሃደስቲ ብግዕረ ተፈጢሩሎም ዘሎ ኣካዳሚያውን ሞያውን ዕድል ትምህርቲ ተሃደስቲ ብግቡእ ይጥቀሙሉን ኑብሶም የማዕብሉሉን ከምዘለዉ፡ ጠቒሶም ከኣ፡ ዝቖስሞዎ ዘለዉ ሞያን ፍልጠትን ፍርዶም ወዲኦም ምስ ወጽኡ፣ ካብ ተጸባይነት ተገላጊሎም ርእሶም ክኽእሉን ኣብ ህንጻትን ልምዓትን ሃገር እጃሞም ከበርክቱን ከም ዝሕግዞም ኣረዲኦም። እቶም ኣዘዝቲ ኣስዒቦም፡ “ትምህርትን ሞያን ናብ ዝበረኸ ብቕዓትን ኣፍራይነትን



ኮ/ል በረኸት ወልደሚካኤል

ዘሰጋግር ክእለት ክሳብ ዘኸኣ ኣብ ዕብየትን ኽጋሽን ሰብ ድማ ቀዳምነት ክሳብ ዝሓዘ፣ ኣገ/ማእ/ተሃ/ኤርትራ፣ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ተሃደስቲ ዝተፈላለየ ሞያ ከም ዝቀጥቁ ብምግባር፡ ፍርዶም ወዲኦም ምስ ወጽኡ፣ ኣብ ክንዲ ተጸባይትን ጾር ሕብረተሰብን ዝኾኑ፣ በቲ ዝቖሰምዎ ሞያ እናሰርሑ ኣፍረይቲ ዜጋታት ንክኾኑ፣ ብሕጂ'ውን ብዝበርኸ ክልሰሓሰብን ዝዛሰለ ቀጻሊ ስልጠናታት ክህብ እዩ” ኢሎም።

ሓላፊ ምምሕዳር እሱራት ሰምበል ሰርጀንት በጓ ወልደገርግሽን ሓላፊ ምምሕዳር እሱራት ጸጸራት ሰርጀንት ሸሻይ ሓድጉን ብወገኖም፡ ተሃደስቲ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ንኸምጽኡ፣ ኣገ/ማእ/ተሃ/ ኤርትራ ብዙሕ መደባትን ንጥፈታትን ሰሪዑ ምስ መሻርኽቱ ብምዃን ከም ዝሰርሕ ጠቒሶም፡ ሳላ'ቲ ዝቶየድ ዘሎ ዕውት ወፍሪ ድማ፡ እቲ ናይ ተሃድሶ መስርሕ ብጽቡቕ ይሰላሰል ከም ዘሎ ኣረዲኦም። ቁጽሪ ናይ'ቶም ብሞያን ኣካዳሚን ሰልጢኖም፡ ከምኡ'ውን ክሳብ ብደረጃ ዲግሪን ዲፕሎማን ተመሪቖም ዝወጽኡ እሞ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ ተመዲቦም ዝሰርሑ ዘለዉ ተሃደስቲ ነቲ ድማ እናዛየደ ይመጽእ ምህላዉ ሓቢሮም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ክብ ንብምባል ብመልክዕ ሰሚናር ኣስተምህሮ ምሃብ፣ ኣብ ባህልን ስፖርትን ዘለዎም ተወህቦ ንምብርባርን ንምንቅስቓስን ከምኡ ድማ ክብርታት ሕብረተሰቦም ክዕቅቡሉ ዝሕግዞም ዕድላት ብምፍጣር፣ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ዘበርኽሉ ኣስተምህሮታት፣ ስፖርታውን ካልእ ንጥፈታትን ብስሩዕ ከም ዝቶየደሎም ብምምልካት ከኣ፡ ሞራል ተሃደስቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይብርኽን ኣብ ንሓድሕዶም ብእወታዊ ይጸላለዉን ምህላዎም ኣረዲኦም።

ርእሰ መማህራን ናይ ክልቲአን ኣብያተ ማእሰርቲ ብግደኦም፡ መንግስቲ ብሓፈሻ፣ ኣገ/ማእ/ተሃ/ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፣ ንተሃደስቲ ፈጢሩሎም ዘሎ ሞያውን ኣካዳሚያውን ዕድላት ትምህርቲ ኣድናቖቶም ብምግላጽ፡ ኣብ ዓመተ 2025/26 ንዝተሰላሰለ ንጥፈታት ትምህርትን ዝበጽሑ ብድሆታትን ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣቕሪቦም። “ጌጋ መናበርቲ ወዲ-ሰብ'ዩ” ዝበሉ እቶም ርእሰ መማህራን፡ ምስ ጌጋ ግን ጣዕሳን ምህዳስን ስለ ዘሎ፡ ኣብ ተሃደስቲ ዝቶየድ ዘሎ መደባት ተሃድሶ ዕዉትን ወጽኢታውን ምዃኑ ኣረዲኦም።

ንሱቶም ኣስዒቦም፡ ሎሚ ዓመት ብኣውዳዩ ሺዝዋልን ካልእን ዝተሰነየ 14 ዓይነት ስልጠናታት ንተሃደስቲ ከም ዝተዋህበ ጠቒሶም፡ ብጠቕላላ ድማ ብኣካዳሚን ሞያን ዝሰልጠኑ ልዕሊ 350 ተሃደስቲ ከም እተመረቑ ሓቢሮም። ገለ ካብቶም ንተሃደስቲ ዝተዋህቡ ስልጠናታት፡ ምትካል ዲሽ፡ ድራውሊክ፡ መባእታ ስልጠና ኮምፒዩተር፡ ጽገና ኮምፒዩተር፡ ስነ-ሕሳብ፡ ኤሌትሪክሲትን ኤሌትሮኒክስን፡ ኣካውንቲን፡ ጥሙር ባህርያዊ ሕርሻ፡ ምምስራሕ ጸባን ውጽኢት ጸባን፡ ስነ ጽሑፍ፡ ከምኡ'ውን ትምህርቲ ቋንቋታት ዓረብን ኩናማን ይርከብዎም።

ብፍላይ ስልጠና ጥሙር ባህርያዊ ሕርሻ፡ ብዝበርኸ ክለሳ ሓሳብን ተሰንዩ ንኣስታት ሰለስተ ወርሒ ዝተዋህበ ኮይኑ፡ 62 ተሃደስትን ኣባላትን'የም ተኸታቲሎሞ። እቲ ዝተዋህበ ሕርሻዊ ምህርቲ ዘኻዕበት ስልጠናታት፡ ኣገዳስነቱ ተረጂኡ ካብ ነዊሕ ክሕሰቡሉ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ዕላማኡ (General objectives)፡ ባህርያዊ ድኹዒ እናመስራሕካ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተረፍ መግብን ባህርያዊ ጉሓፍን ንምጉዳል፣ ምስኡ ድማ ካብ ንእሽ መሬት ሕርሻ ቀረብ መግቢ ንምርግጋጽ እዩ። ወሰንቲ ዕላማ (specific objectives) ናይ'ቲ ስልጠና ከኣ፡ ጉሓፍ ተጠቒምካ ፍርያምነት መግቢ ምዕባይ፣ ኣብ ኩለን ቤት ማእሰርቲ ኤርትራ፡ ምትእትታው ቴክኒካዊ ኣገባብ ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ፣ ኣብ ሕርሻዊ ቦታታት ቤት ማእሰርቲ ንርቃሕ ምትእትታው፣ ኣብ ምርኽሖፓት ማእከላት ቤት ማእሰርቲ ጋብላዊ ቆፎ ሰሪሕካ ፍርያት ምዕባይ እዩ።

ኣብ'ቲ ስነ ስርዓት መዛዘሚ ኣካዳሚያውን ሞያውን ንጥፈታት፡ ንዓመት ምሉእ ዝተሰላሰለ፡ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ንጥፈታት ከዕሶ ሰከይት፡ ከዕሶ መርገብ ዘካተተ ውድድራት ናይ ዝተዓወቱ ጋንታታትን ተሃደስትን ዝተዓለወሎም ሽልማት ተዓዲሎም። እዚ ኩሉ መደባት፡ ብጉጅለ ባህሊ መፍትሒ ኣገ/ማእ/ተሃ/ ሰምበል ብዝቐረበ፡ ንኹሎም ብዘሐጉስን ዘወክል ጣዕመ ዜማታት፡ ትልሂታት፡ ግጥምታት፡ ድራማን ማዕከን ደሚቑ'ዩ ተሰላሰለ። ብርክት ዝበሉ ሞያውያን ተሃደስቲ ሓቒፋ ዘላ ጉጅለ ባህሊ መፍትሒ፡ ተሃደስቲ ብእሩም ስነምግባር ተመልሚሎም ህይወቶም ከማእዝኑ ኣብ ዝቶየድ ዝተፈላለየ ተሃድሶኣዊ ንጥፈታት፡ ስነጥበባዊ መሰናድኣታት እናወደበት ዕዙዝ ኣበርክቶ እትገብር ዘላ'ያ።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት መዛዘሚ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ጸቢሎም ንዝበሉ፣ ኣብ ሞያዊ ስልጠናታት ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝቖሰምዎ ሞያ ክንጾ ተሳታፍነት ናይ ምውድዳር ክእለቶም ዘንጸባረቑ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ብውልቅን ብጋንታን ንዝተዓወቱ ተሃደስቲ፡ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ሽልማት ተዓዲሎም። ናይ ኣካዳሚን ሞያን ስፖርትን መማህራን ኮይኖም ንዝዮጹ ዘለዉ ተሃደስቲ'ውን መተባብዕን ናይ ኣፍልጦ ሽልማትን ተዋሂቦም። ብዘይካ'ዚ፡ ሓደ ካብ መሻርኽቲ ዝኾነ ጨ/ሚኒ/ትምህርቲ ንኣሰ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ፡ ምስ መማህራን ተሃደስቲ ብምዃን ናብ ኣገ/ማእ/ተሃ/ ሰምበል እናተመላለሱ ንዝዘበርዎ ደገፋት ሽልማት ተዓዲሉ። ተሃደስቲ፡ ንዝፍጠረሎም ዘሎ ዕድላት ብግቡእ መታን ክጥቀሙሉ፣ ካብ ኣባላትን ሓለፍትን ኣገ/ማእ/ተሃ/ ኤርትራ ቀጻሊ ምኽትታልን ሓልዮትን ከም ዝቶየደሎም ጠቒሶም፡ ሂወቶም ክልውጡሉ ዘኽእሎም ትምህርትን ስልጠናታትን ይቐስሙ ከም ዘለዉ ገሊጾም።

ድሕሪ ምዝዛም እቲ ስነስርዓት፡ ተሳተፍቲ ነታ ተመስሪታ ዘላ ‘ምልኣት’ ዝተሰምየት ንኣሰ መመስርሒ ውጽኢት ጸባ፡ ብክኢላታት ኣባላትን ተሃደስትን መብርሂ እናተዋህቦም ተዓዚቦምዋ። እዛ መመስርሒት፡ ውጽኢት ጸባ ከም ርጎኡ ፋርማጆ፡ ሪኮታ፡ ብራት፡ ብሮን ካልእን ዝኣመሰሉ ፍርያት እተዳሉ ኮይና፡ ንሰለስተ ወርሒ ብክኢላ ተሃዲሲ ብዝሰልጠኑ 64 ኣባላትን ተሃደስትን ጀሚራ ዘላ'ያ። ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ተሳተፍቲ ናይ'ቲ መደብ ኑቲ ብውሕሉል ኢደ-ስርሓት ተሃደስቲ ዝተዳለወ ዝተፈላለየ ኢደ ጥበባዊ ፍርያት እናተዘዋወሩ'ውን ተዓዚቦምን ኣድናቖቶም ገሊጾምን።

ኣቐድም ኣብሉ'ውን፡ ኣብያተ



ሌ/ኮ እድሪስ ዓምር

ማእሰርትን ተሃድሶን ባርንቱ፡ ኣቑርደት፡ ከረንን መንደፈራን፡ ሳዕሲዎት ሓለፍቲ ምምሕዳር፡ ግንባርን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኸብሉ ብምዕሩግ ኣገባብ ምዝዛም ኣካዳሚያውን ሞያውን ዓመተ ትምህርቲ 2025/26 ኣካዪደን ነይረን።

ኣገ/ማእ/ተሃ/ኤርትራ፣ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ተሃደስቲ ዝተፈላለየ ሞያ ከም ዝቀጥቁ ብምግባር፡ ፍርዶም ወዲኦም ምስ ወጽኡ፣ ኣብ ክንዲ ተጸባይትን ጾር ሕብረተሰብን ዝኾኑ፣ በቲ ዝቖሰምዎ ሞያ እናሰርሑ ኣፍረይቲ ዜጋታት ንክኾኑ ቀጻሊ ስልጠናታት'ዩ ዝህብ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዓቕምን ክእለትን ኣባላቱ



ንምዕባይ፡ በብግዚኡ ናብ ማእከል መሰልጠኒ ሃገራዊ ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ደቀምሓረ እናልኣኸ፡ ብምቁጽጻር ናዕቢ፡ ስነ-ምግባር፡ ሕግን ጥበብ ተኸላኸል፡ ብሞያ ሰድን ህዝባዊ ርክባትን፡ ብምሕደራ ቤት ጽሕፈትን ሕግን፡ መርመራ ገበን፡ ከምኡ'ውን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ጊንዳዕ ኣባላቱ እናሰልጠነ የመርቕ'ዩ።

ዕላማ ናይ'ቲ፡ ኣባላት በብግዚኡ ዝቖሰምዎ ትምህርትን ስልጠናታትን ኑቲ ጥዑይን ኣፍራዩን ዜጋ እናሃነጸ፡ ካብ ገበንን ገበነኛታትን ናጻ ሃገር ንምፍጣርን ሰላምን ርግኣትን ሕብረተሰብ ንምርግጋጽን ዝሰርሓሉ ዘሎ ፖሊሲን ስትራተጂን መንግስቲ ጋህዲ ኣብ ምግባር፡ ተወሳኺ ፍልጠትን ጥበብን ኮይኑ፡ እቲ ክፍሊ ተልእኾኡ ብዓወት ክፍጽም ዝሕግዝ እዩ።



ስእሊ-ሮቤል መረስዕ





ሪፖርታዥ

# ተራን ሓድግታትን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝገልጽ ሰሚናር ቀሪቡ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

ስእሊ:- ኣብርሃም በየነ
ሄኖክ ተኽለገርግሽ

‘ዕዙዝ ዝኽሪ፡ ንሓድሽ ወፍሪ ልምዓት ሃገር’ ብዝብል ቴማ፡ ንዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ብ19 መስከረም፡ ብዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምርምርን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ከምኡ’ውን ብዶ/ር ቴድሮስ ሰዩም ካብ ኮለጅ ትምህርትን ስነ ቋንቋን፡ ሰሚናራት ኣብ ኤክስፖ ኣስመራ ተኻይዱ።

“ተራን ሓድግታትን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምኽስኳስ ሃገራውነት” ብኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፣ “ትምህርትን ህንጸት ሃገርን” ዝብል ሰሚናር ከኣ ብዶ/ር ቴድሮስ ሰዩም ቀሪቡ። እቲ ሰሚናር፡ ሚኒስተራት፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መምህራን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ ኣለይቲ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበርን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ’ዩ ተኻይዱ። ስነ ስርዓት ዝኽሪ ሰማእታት ምስ ተኻየደ ብመዚቃ ህጻናት ቀያሕቲ ዕንባባ’ዩ ቀጺሉ። ኣስዒቡ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ቀንዲ ሓድግታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ቅድሚ ናጽነትን ድሕሪ ናጽነትን ኣብሪሁ። ቤት ትምህርቲ ሰውራ ቅድሚ ናጽነት፡ ኣብ ምንባይን ምምሃርን ቈልዑ፡ ምምስራት ሃገራዊ ናይ ትምህርቲ ፖሊሲን ስርዓትን፡ ምኽስኳስ ሃገራውነት፡



ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም

ምጉልባት ውድባዊ ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባርን ምድራዕ ባህላውን ማሕበራውን ሰውራን ዓቢ እጃም ከም ዝተጻወተ ኣፍሊጡ። “ቤት ትምህርቲ ሰውራ” ዝብል ኣምር ነቲ ቡብግዚኡ ኣብ ዜሮ፡ ጀልሃንቲ፡ ዓረራብ፡ ወዘተ... ዝተደኮነ ቤት ትምህርቲ ዝገልጽ ክኸውን እንከሎ፡ ቡቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮይኑ፡ ንኹሉ ንጥፈታት ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባር (ደጀን ድሕሪ መስመር፡ ሱዳን) ዝውጥን፡ ዘማዕብልን ዘካይድን ዝነበረ ኣካል፡ ማለት ንጨንፈር ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባር ዝሕብር ምዃኑ ገሊጹ። ኣቶ ጴጥሮስ፡ “ኣበርክቶ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክበሃል እንከሎ፡ ንብዩኑ ተነጺሉ ዘይኮነስ፡ ምስቲ ህዝባዊ ግንባር ብኻልኦት ኣካላቱ ኣቢሉ ዘካይዶ ዝነበረ፡ ምስቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝመሳሰል ዕማማት ተዛሚዱ ክርኣ ይግባእ” ኢሉ ኣተሓሳሲቡ።

ቤት ትምህርቲ ሰውራ 15 ሽሕ ዝበጽሑ ቈልዑ ከም ዘዕበየን ከም ዝመሃረን ብምጥቃስ ከኣ፡ ቅድሚ ምዝላቕ ሓራ ዝወጽአ ሓያለይ ከባቢታት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ከተማታት ከረንን ደቀምሓረን ዝነብሩ ዝነበሩ ኣሽሓት ቈልዑ ናይ ትምህርቲ ዕድል ከም ዝረኸቡ ኣቶ ጴጥሮስ ኣብ ሰሚናሩ ሓቢሩ። ብዘይካ’ዚ ኣብ ሱዳን፡ ኣብ ሓያሎ ከተማታትን መዓስከራትን ስደተኛታት ዝነብሩ ኣሽሓት ኤርትራውያን ስደተኛታት ቈልዑ፡ ሳላ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ንኣስታት ዓሰርተ ዓመታት ትምህርቲ ከም ዝረኸቡ ጠቒሱ።

ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ጉድኒ ጉድኒ’ቲ ወፍሪ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ኣብ ኩሉ’ቲ ሓራ ቦታታት ዝነብሩ ኣሽሓት ቈልዑ፡ ንኣስታት ሸሞንተ ዓመታት ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ከም ዝተዋህቦም ዝሓበረ ኣቶ ጴጥሮስ፡ ጎድኒ ጎድኒ’ቲ ዝቕጽል ዝነበረ ዕማማት፡ መስዋእቲ ናይ ሓያለይ ዓበይትን ንኣሽቱን መምህራን ከም ዝሓተተ’ውን ኣረዲኡ። ነቲ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ኣመልኪቱ፡ ብመንጽር ጽንኩርነት ሰውራን ህዝባዊ ግንባር ዝነበሮ ድሩትነትን ዓቕምን ክርአ እንከሎ፡ እቲ ቈልዑ ናይ ምምሃር ኣበርክቶ ጠሪሱ ዘገርም ከም ዘይነበረ’ውን ኣነጺሩ።

ኣቶ ጴጥሮስ፡ ተራ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምምስራት ሃገራዊ ናይ ትምህርቲ ፖሊሲን ስርዓትን ኣመልኪቱ’ውን ሰሚናሩ ቀጺሉ’ዩ። ንሱ፡ እቲ ፖሊሲ ንዋሕስ ዝጠመተን ትምህርቲ ኣብ መልእ ሃገርና ናይ ምዝርጋሕ ዝዓለመን ምንባሩ ብምጥቃስ፡ መሃይምነት ምድምሳስ፡ ከምኡ’ውን ናጻን ግድነታውን መሰረታውን ትምህርቲ ምሃብ ዝብል ዕላማ ሒዙ ከም ዝተበገሰ ኣነጺሩ። ስለ ዝኾነ ከኣ ህዝባዊ ግንባር ምስቲ ዝነበረ ኩነታት ዝሳነን ነቲ ሽዑ ዝነበረ ጠለባት ብመጠኑ ዘማልእን ናይ ትምህርቲ ስርዓት ከም ዝሃነጸ ኣገንዚቡ።

ካብ ቀንዲ መለለይታት ስርዓት ትምህርቲ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ፡ ካብ ዝኾነ መግዛእታዊ ሓልክታት ናጻ ዝኾነ ናይ ቈልዑ፡ ናይ ዓበይቲ፡ ናይ ቴክኒክን ሞያን፡ ከምኡ’ውን ናይ መዚቃን ስነ-ጥቡብን ሃገራዊ ካሪክለም ብምድላው፡ ኣብ ግብሪ ከም ዘውዓለ ኣቶ ጴጥሮስ ኣብሪሁ። ንቈልዑ ዝወሃብ ዝነበረ ስሩዕ ናይ ካሪክለም ትምህርቲ፡ ቈልዑ ምስ ሃገሮም፡ ምስ ኩለን ብሄራትናን ባህልታትናን ዘላ፡ ንስነ-ምግባርን ማሕበራዊ ክብርታትን ዝቕልስ፡ ሰውራዊ ኣተሓሳስባን ክብርታትን ዝጉስጉስ ምንባሩ ጠቒሱ። እቲ ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ ብምንባሩ ከኣ፡ ብርቂ ከም ዝገበሮ የረድእ። እቲ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣብ መጀመርያ፡ መምህር ዝዕብለሎ ልምዳዊ ኣገባብ እኳ እንተነበረ፡ ምስ ግዜ ግን፡ ብሳላ ዝተፈላለዩ መጽሓፍቲ ምንባብ ናብቲ ዘመናዊ ዝኾነ ንተማሃራይ ዘማእከለን ኣሳታፍን ኣገባብ ከም ዝማዕበለ ይሕብር።

ኣገባብ ኣተኣላልያ ቈልዑ ኣመልኪቱ ኣቶ ጴጥሮስ፡ ኣተኣላልያ ቈልዑ ንኣካላዊ መቕጻዕቲ ጠሪሱ ዝጸግ ኮይኑ፡ ቈልዑ ብፍቕሪ፡ ብዓቕሊ፡ ብምርዳእ፡ ብምምኻር፡ ወዘተ... ክሽሰኩሱ ይግባእ ዝብል ከም


ሚኒስተር ተስፋይ ገብረስላሴ

ዝነበረ ኣዘኻኺሩ። ብዘይካ’ቲ ቀለማዊ ትምህርቲ፡ ጽርበት ዕንጸይቲ፡ ጽርበት ሓጺን ኣጠቓቕማ ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ መዚቃን ስነ-ጥቡብን ዝኣመሰሉ ሞያታት ከጥርዩ ዝዓለመ ከም ዝነበረ’ውን ገሊጹ። ንመምህራን’ውን ዝተፈላለየ ስልጠናታት ይወሃብ ከም ዝነበረ እዩ ኣቶ ጴጥሮስ ዝሕብር።

እጃም ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምኽስኳስ ሃገራውነት ኣመልኪቱ ኣቶ ጴጥሮስ፡ እቲ ብመንገዲ ትምህርትን ምስ ትምህርቲ ተኣሳሲሩን ዝቖጸ ጉስጓስ፡ ሃገራውነት ኣብ ምኽስኳስ ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዝነበሮ ኣነጺሩ። በዚ ከኣ፡ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ጽኑዕ ሃገራዊ እምነትን ሓያል ሃገራዊ ወንን ከጥርዩ ከም ዝኸኣሉ’ውን ኣብሪሁ። እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝሰረጸ ሃገራውነት ካብ ካልእ ዝሓየለ ክኸውን ዝኸኣሎ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ከባብያዊ፡ ካልእ መበቐልን ብዘየገድስ፡ ኣብ’ቲ ቤት ትምህርቲ ከም ኣባላት ሓደ ስድራ፡ ብማዕረ መሰልን ግቡእን ዘለዎም ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ኮይኖም ብምዕባዮም ምዃኑ ጠቒሱ።

“እቲ ኣብ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብቐጻሊ ዝርአ ዝነበረ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ናይ ምስላፍ ድሌትን ሃቐነታትን ድማ፡ መርኣያ ናይ’ቲ ዝሰረጸ ዓሚቝ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ’ዩ” ክብል ዝሓበረ ኣቶ ጴጥሮስ፡ ሙብዛሕትኦም ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ዝተመደቡ ፊተውራሪ (ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር) ኣብ ኩናት ዘርእይዎ ዝነበሩ ተወፋይነትን ጅግንነትን፡ ንዘይተሰለፉ መንእሰያት ኣርኣያ ነይሩ። ጥራይ ዘይኮነ፡ ንብጾቶም’ውን ዘሐብን ከም ዝነበረ መስኪሩ። እታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ካልኦት ከምኣ ዝኣመሰላ ጉጅለታት ባህሊ፡ ሃገራዊ ንቕሓትን ድልውነት ቃልስን ህዝቢ ኣብ ምድራዕ ዝምስገን ዕማማት ከም ዝፈጸማ ኣቶ ጴጥሮስ ወሲኹ ኣብሪሁ።

እጃም ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምጉልባት ውድባዊ ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባር ኣመልኪቱ ድማ፡ “እቶም መምስ ኀበዙ ኣብ ተዋጋኢ ሓይልታት ዝምደቡ ዝነበሩ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ንሓይሊ ምድሪ፡ ንሓይሊ ባሕሪ፡ ድሒሮም’ውን ንሓይሊ ኣየር ኣብ ምድልዳል፡ መስዋእትነት ዝሓቶፈ ዕዙዝ ኣበርክቶ ገይሮም” ኢሉ። ሳላ ዘጥረይዎ ትምህርቲ ድማ፡ ፍሉይ ሞያ ኣብ ዝሓቱ ሓያሎ ወተሃደራውያን ዕማማት - ከም ምልክት፡ ከቢድ ብረት፡ ተዋፊሮም ከም ዘድምዑ ኣፍሊጡ።

ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ድሕሪ ናጽነት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ከኣ፡ እቲ ቅድሚ ናጽነት ዝነበረ ተራን ኣበርክቶን ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ድሕሪ ናጽነት’ውን ብዝለዓለ ደረጃን መልክዕን ከም ዝቐጸለ ሓቢሩ። ምምስራት ሓድሽ ሃገራዊ ትምህርታዊ ስርዓት፡ ምድልዳል መሓውር መንግስትን ግንባርን፡ ምሕብሓብ ሃገራዊ ኒሕን ተወፋይነትን ገለ ካብቶም ሓድግታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምዃኖም ሓቢሩ።

ድሕሪ መግለጺ ኣቶ ጴጥሮስ፡ ኣለይቲ፡ ተመሃሮን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ ዝተፈላለዩ ርእይቶታትን መላኺ ሓሳባትን ኣቕሪቦም። ኣብ’ቲ ሰሚናር ዝተረኽበ ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባቢን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ብወገኑ፡ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ህዝባዊ ግንባር ንትምህርቲ ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲን ልዑል ቀላሕታ ሂቡን ብዮንብሪ ይሰርሓሉ ከም ዝነበረ ዘርኣየ ጭቡጥ ምስክር ምዃኑ ገሊጹ።

ቀጺሉ፡ “ትምህርትን ህንጸት ሃገርን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስት ብዶክተር ቴድሮስ ሰዩም’ዩ ሰሚናር ቀሪቡ።

ዶ/ር ቴድሮስ፡ ትምህርቲ እንታይ ዓይነት ሃገር ክትሃንጽ ከም እትደሊ ወሳኒ ተራ ከም ዝጻወት ጠቒሱ፡ ነዚ ዕላማ’ዚ ንምትግባር ድማ፡ ኤርትራ “ልዕሊ ዝኾነ ነገር፡ ሃብታ ዓቕሚ ሰባ’ዩ” ኣብ ዝብል መትከል ከም እትሰርሕ ኣብሪሁ። ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ሃገር ናይ ምህናጽ ዕማም ብትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን ኩብጻሕ ከም ዘከኣል ከሎ ገና ኣሚኑ፡ ‘ስራሕ! ተማሃር! ተጋደል!’ ኣብ ትሕቲ ዝብሉ መሪሕ ዕላማታት፡ ቃልሱ የካይድ ምንባሩ ከኣ ኣዘኻኺሩ። ኑቶም ናይ ቈልዕነት ዕድመኦም ከይጸገቡ ኣብ ግንባራት ውግእ ክኳሸሑ ዝመጽኡ ትሕቲ-ዕድመ ህጻናት ድማ፡ ‘ኣይፋልኩምን! ንስኹም እትጋደሉሉ ካልእ ዓውዲ ኣሎ’ ብምባል ይኽልክሎም ከም ዝነበረ ዘይርሳዕ ሓቂ ምዃኑ ጠቒሱ። “ሰውራ ተዋጋእቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ሃንጽቲ ሃገር’ውን እዮም ዘድልዩዋ” ዝብል ናይ’ቲ ሽዑ እዋን መልእኽቲ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከኣ፡ ህያው ኣብነት ምዃኑ ኣገንዚቡ። “ትምህርቲ ክንዮ ምትሕልላፍ ፍልጠት ዝኸይድ ሓይሊ፡ ጽልዋን ኣበርክቶን እዩ ዘለዎ። ትምህርትን ህንጸት ሃገርን’ውን ዘይነጻጸሉ ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዮም” ድማ ኢሉ።



ዶ/ር ቴድሮስ ሰዩም

ናይ’ዚ ዘለናዮ እዋን፡ መድረኻዊ ሕቶ ፍልይ ዝበለ እዩ። ነዚ እነስተማቕሮ ዘለና ናጽነት፡ ብዘላቒ ቁጠባዊ፡ ቴክኖሎጂካውን ማሕበራውን ለውጥታት ከነውሕሶ እንተኾይንና፡ እቶም ኣብ ግዜ ቃልሲ ንናጽነት ንደፍኣሎም ዝነበርና ሜላታትን ዕላማታትን ትምህርቲ፡ ኣድለይትን ኣገደስትን እዮም። ኣብ መድረኽ ህንጸት ሃገር፡ ስልጥንትን ብልጽግትን ኤርትራ ክንሃንጽ እንተኾይንና ድማ፡ ስርዓተ ትምህርትና፡ ኣብ ዝተራቐቐ ስነ ፍልጠት፡ ዲጂታላዊ ትምህርቲ፡ ሱብ ዝሰርሖ ብልሒ፡ ምርምር፡ ምህንድስና፡ ኣከባቢያዊ ስነ ፍልጠት፡ ምህዞን ሰንዓን፡ ትካላዊ ሞያውነት፡ ተወዳዳሪ ብቕዓት ትምህርቲ፡ ወዘተ... ኣትሪሩ ክጸቅጥ ከም ዘለዎ ዶ/ር ቴድሮስ ሰዩም ኣገንዚቡ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ሲነማ ሮማ’ውን፡ ገለ ካብ ደርፍታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ግጥሚታት፡ ከምኡ’ውን ንመዓልታዊ ህይወት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዘንጸባርቕ ድራማ ቀሪቡ።


ሰኣሊ. ሄኖክ ተኽለገርግሽ



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ድሕሪ ምምጋብ ብእግሪ ምጉዓዝ

መግቢ ምስ ወሰድና ብእግርና ንኡስ ጉዕዞ ሓያሎ ጥዕናዊ ረብሓ እዩ ዘለዎ - ምሕቃቕ መግቢ የሐይሎን የቀላጥፎን፣ ክብደት ሰብነት ንምጉዳል'ውን የተባብዕ።

ድሕሪ ምምጋብና፡ ከም ብእግሪ ምጉዓዝ ዝኣመሰሉ ንጡፍም ፍኹስ ዝበሉ ምውስዋስ ኣካላት ዘመን ዘመጽኦም ጌርና ብምውሳድ፡ ኣብ ተግባር ዘይነብሮሑ ሰባት ብዙሓት ኢና። ክጽዕኩ ዘመናውነት፡ ኣብ ጥዕናና ዝህቦ እወታዊ ጥቕሚ ሸለል ዝበሃል ስለ ዘይተኻ ኩሉና ክንሰዕቦ ከተተግብሮን ይግብኣና። እንታይ እዩ ረብሓኡ ዶ ትብሉ ኣለኹም፧

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር ሓያሎ ጥዕናዊ ጥቕሚ ከም ዘለዎ ኩሉና ንሰማማዓሉ ሓቂ እዩ። እዚ ኑቲ ድሕሪ ምምጋብና ንኡስ ፍኹስ ዝበለ ብእግሪ ምጉዓዝ ሓዊስካ ማለት እዩ። ድሕሪ መግቢ ንኡስ ብእግሪ ምጉዓዝ ናይ ባዕሉ ሓያሎ ጥዕናዊ ጥቕምታት ኣለዎ።

### ምሕቃቕ መግቢ የመሓይሽ

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጥቕሚ ናይ ድሕሪ መግቢ ንኡስ ብእግሪ ምጉዓዝ ዝኣመሰለ ምውስዋስ ኣካላት፡ ኣብ ከስዐ ዘሎ መግቢ ብቐሊሉ ሓቚቑ መኣዛዊ ትሕዝቶኡ ናብ ሰራውር ደምና ከም ዝኣቱ ምግባር እዩ። ምንቅስቓስ ብፍላይ ደማ ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ከስዐናን ኣምዑትናን መግቢ ሜታቦሊዝ ዝነብሩ ሳብስታንሳት ብቐሊሉ ከንዝዑ ስለ ዝሕግዝ፡ ኣካላትና ዘካይዶ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ኣብ ምቅልጣፍ ልዑል ደገፍ ኣለዎ። ሜታቦሊዝም (metabolism) መግቢ ብመዓንጣ ተመጺዩ ናብ ሰራውር ደም ክሳብ ዝኣቱ ዝዋቐቐሉ ኣገባብ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ እዩ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ሰሙን ን10 ሰዓታት ዝምጥን ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ኣብ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ፡ ማለት ኣብ ኣፍ፡ ጎረሮ፡ ሻሕሻሕ፡ ከስዐ፡ ቀጢን መዓንጣ፡ ረጕድ መዓንጣ፡ ሳልሲ ከረጺት ሓሞትን ጸለም ከብድን ኪጋጥም ንዝኽእል ጸገማት የጉድሎ እዩ።

### ማጠን ሽኮር ኣብ ደም የማሓሪ

ካልኣይ ኣገዳሲ ክቕልበሉ ዘለና ጥቕሚ ብእግሪ ምጉዓዝ ድሕሪ ምምጋብ፡ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ምምዕርራይ እዩ። እዚ ብፍላይ ኑቶም ምስ ቀዳማይን ካልኣይን ዓይነት ሕማም ሽኮር ዝነብሩ ግዳያት ኣገዳሲ ኣጉዳሲ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት እዩ።

ኣብ 2019 ኣብ ልዕሊ ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ዘለዎም ግዳያት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘርኣዮ፡ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ንምምዕርራይ፡ ድሕሪ ምምጋብ ን10 ደቓይቕ ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ካብቲ ኣብ ዝኸዓ እዋን ን30 ደቓይቕ ብእግሪ ምጉዓዝ ዚየዳ ወጽኢታዊ ኮይኑ ተረኺቡ።

### ንተኸእሎታት ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማም ልቢ የጉድል

ንዳሕረተታት ዓመታት፡ ምውስዋስ ኣካላት ኣብ ጥዕና ልቢ እወታዊ ጽልዋ ከም ዘለዎ ክግለጽ ጸኒሑ እዩ። በዚ ድማ፡ ክኢላታት ኣብ ሰሙን እንተውሓደ ንሓሙሽተ መዓልታት ን30 ደቓይቕ ዝጸንሕ ማእከላይ ዓይነት ከም ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ምሕንባስ ዝኣመሰሉ ምውስዋስ ኣካላት ምኪያድ ብጽቕጢ ደም፡ ወቕዓን ካልኦት ምስ ልቢ ምትእስሳር ዘለዎም ሓደጋታት ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ከም ዘጉድሎ ይምዕዱ። ካብዚ ንላዕሊ ድሕሪ ምምጋብና ንኡስ ናይ 10 ደቓይቕ እግሪ ጉዕዞ ወጽኢታዊ ኮይኑ ከም እተረኽበ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከረጋግጽዎ ክኢሎም ኣለዉ።

### ክብደት ሰብነት ይቆጻጸር

ምውስዋስ ኣካላት ምስ እነካይዶ ናይ ኣመጋግባ ስርዓት ተደሚሩ ኣብ ምጉዳልን ምቁጽጻርን ክብደት ሰብነት እወታዊ ተራ ከም ዘለዎ ብዙሓት ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ይገልጹ እዮም። ክብደት ሰብነትካ ክትቆጻጸር ኣብ ኣካላትካ ውሑድ ካሎሪ ክህሉ ኣለዎ። እዚ ማለት ካብቲ ትወስዶ ዚየዳ ካሎሪ ከተህልኽ ኣለካ። ነዚ ሸቶ'ዚ ንምውቃዕ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ እምበኣር ድሕሪ መግቢ ን10 ደቓይቕ ብእግሪ ምጉዓዝ እዩ።

### ጸቕጢ ደም ይቆጻጸር

ድሕሪ መግቢ ንኡስ ብእግሪ ምጉዓዝ ንዘዘውትሩ እዋን ጸቕጢ ደም ናብ ንቡር ክመልሶ ከም ዝኽእል መጽናዕትታት የመልክቱ።

### ቃንዛ መትኒ የህድእ

ብእግሪ ምጉዓዝ ኣብ መላግቦ ኣዕጽምትና፡ ብፍላይ ኣብ ብርክናን ምሕኰልትናን ዝለና ምሕር ቃንዛ ኣብ ምህዳእ ልዑል ጥቕሚ ከም ዘለዎ ክግለጽ ጸኒሑ እዩ። ቃንዛ መላግቦ ካብ ዘጋድዱ ነገራት ሓደ ልዑል ክብደት ሰብነት ምውናን እዩ። ድሕሪ መግቢ ምውሳድና ንኡስ እግሪ ጉዕዞ'ምባኣር ምጡን ክብደት ሰብነት ንኽህልወና ስለ ዝሕግዝ፡ ኣብ መላግቦና ዝለና ቃንዛ እፎይታ ክፈጥር ከም ዝኽእል እዮም መጽናዕትታት ዘመልክቱ።

### ኣእምሮ የሐድስ

ድሕሪ መግቢ ንኡስ ብእግሪ ምጉዓዝ ኩነት ኣእምሮ ብምሕዋስ፡ ኣብ ኣእምሮና ወጥሪ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ከም 'ኮርቲሶል' (cortisol) ዝኣመሰሉ ሆርሞናት ኣብ ምጉዳል ልዑል ግደ ኣለዎ። በንጻሩ ኣብ ኣእምሮና እወታዊ ጽልዋ ዘለዎም ከም 'ኤንዶርፊን' (endorphins) ከምኡ'ውን 'ኦክሲቶሲን' (oxytocin) ዝኣመሰሉ ሆርሞናት ከም ዝዓብዩ ይገብር። 'ኤንዶርፊን' ከምኡ'ውን 'ኦክሲቶሲን'፡ 'ናይ ፍቕሪ ሆርሞን' ተባሂሎም ዝጽውዑ ኮይኖም፡ ጽቡቕ ኩነት-ኣእምሮ ክህልወና ካብ ምግባር ብዘይወጻኢ ጸቡቕ ድቃስ ክንረክብ ዝሕግዙ እዮም።



### ብእግሪ ምጉዓዝ ዓይነቱ ዝምጥን ምውስዋስ ኣካላት

ብእግሪ ምጉዓዝ ንዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመን ጾታን ከምኡ'ውን ኣብ ዝኾነ ደረጃ ጥዕና ንዘሎ ሰብ ዝምጥን ሓያሎ ጥዕናዊ ረብሓ ዘለዎ ምውስዋስ ኣካላት እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ኣካላዊ ብቕዓት ምሕያል ዝህልዎ ረብሓ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ብምክልኻል ዕድመ የናውሕ።

ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታትካ ክተተኣታትዎ ብዙሕ ዘጸግም ናጻ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት እዩ። እዚ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ኣቕዲምካ ምድላዋት ዘየድልዮ፡ ሕጂ ክትጅምሮ እትኽእል ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት እዩ። ንምጉዓዝ ዝምችኣካ ኩናትን ጫማን ምውዳይ ጥራይ።

### ክትግብሮ ዝግባእ ጥንቃቐታት

ትግብሮ ምውስዋስ ኣካላት ውሑስ ንምግባር ዝቕም ዝስዕቡ ምኽርታት ክተቕልበሎም ይግባእ፦

- ንእግሪ ጉዕዞ ምቹእ ኣብ ዝኾነ ንኣጋር ጥራይ ዝፍቀድ ቦታ ምህላው። እቲ ትጓዓዘሉ ከባቢ እኹል ብርሃን ዘለዎን ጥጡሕን ክኸውን ይግባእ።
- እቲ ትጓዓዘሉ ጫማ ንእግርኻ ምቹት ዝህብ ንዊሕ ታኮ ዘይብሉ ክኸውን ኣለዎ።
- ንእግሪ ጉዕዞ ዝምጥን ፍኹስ ዝበለ ኩናን ክትለብስ ተመራጺ ይኹን።
- ቅድምን ድሕርን ብእግሪ ምጉዓዝ ኑበሽካ ንምጥሓል እኹል ማይ ምውሳድ።
- ጸሓይ ከይደጉሓካን ከይዛሕላካን ናይ ዓይኒ መጽርን ቆብዕን እንተወደኻውን ተመራጺ እዩ።

### ምስ ተበዙበኩ መዓስ እዩ ብእግሪ ክትዓዝ ዘኽእል፧

ኣብዚ እቲ ልክዕ ግዜ 'እዚ እዩ' ኢልካ ምግላጽ ዝከኣል እኳ እንተዘይኮነ፡ ሙብዛሕትኦም ክኢላታት ዝሰማምዕሉ እንተሎ ግን፡ ምስ ተመጊብና ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ዘሎ እዋን፡ ብእግሪ ክንጎዓዝ ክንጅምር ከም ዘለና እዩም ዝምዕዱ። እቲ ጥቕሚ ንዓኻ ክሳብ ዝኾነ እቲ ንኽትንቀሳቐስ ጸቡቕ ስምዒት ዝህበካ ግዜ ባዕልኻ ክትውስን ትኽእል ኢኻ፡ ግን ምስ ተመጊብካ ካብ ፍርቂ ሰዓት ንደሓር ክኸውን ኣይምረጽን።

### ንኽንደይ ሰዓት ንጎዓዝ፧

ብዙሕ ግዜ ኣብቲ ናትካ ዕላማን ድሌትን ዝምርኮስ ኮይኑ፡ እቲ ተደልዩ ዘሎ ዕላማ መግቢ ንምሕቃቕን ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ንምምጥጣንን እንተኾይኑ ካብ 10 ክሳብ 15 ደቓይቕ ብእግሪ ምጉዓዝ እኹል እዩ። እቲ ተደልዩ ዘሎ ዕላማ ብሓፈሻኡ ኣካላዊ ብቕዓትካ ንምትርናዕ እንተኾይኑ ድማ፡ ኑቲ 10 ሽሕ ስጉሚ ኣብ መዓልቲ ዝብል ሸቶ ንምውቃዕ ክሳብ 30 ደቓይቕ ብእግሪ ክትጎዓዝ ይግባእ።

### ድሕሪ ምምጋብና ኣብ እዝውትሮ እግሪ ጉዕዞ ክንገብር ዘይግባኣና

ድሕሪ ምምጋብና ንኸሰዐን ስርዓት ምሕቃቕ መግብን ክምጥኖ ዝኽእል ምውስዋስ ኣካላት ብእግሪ ምጉዓዝ እዩ። ከጽዕዚ ከም ጉያን ዙብዙብ ምግልን ዝኣመሰሉ ሓይሊ ዝደልዩ ምውስዋስ ኣካላት፡ ኣብ ከስዐን ምሕቃቕ መግብን ዘድሊ ሕማቕ ዕዮ ብምፍጣር ተምላስን ዕግርግርን ከኑብረልና ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ድሕሪ ምምጋብና ክንገብሮ ዘለና ምውስዋስ ኣካላት ህድእ ኢልካ ብእግሪ ምጉዓዝ እዩ ክኸውን ዘለዎ።

### ብእግሪ ኣብ እንጎዓዘሉ ክስትብህለሎም ዝግበኣና ኣገደስቲ ነጥብታት

ብእግሪ ኣብ እንጎዓዘሉ እዋን፡ ግቡእ ኣቃውማን ምንቅስቓስ ኣካላትን የድልየና። ነዚ ኣገቢብ'ዚ ክንክተል'ምባኣር ዝቕም ዝስዕቡ ነጥብታት ክንቕልበሎም ኣለና፦

- ርእስና ብዘይጕ ክንቕንዮ ይግባእ። ኣብ ክንዲ ናብ መሬት ናብ ቅድሜና ክንጥምት ኣለና።
- ክሳድና፡ መንኩብናን ዓንዲ ሕቖናን ክእሰሩ የብሎምን።
- ኣእዳውና ኣፍኲስ ኣብልና ክንወዛወዞ ተመራጺ ኮይኑ፡ ኣብ ክንዲ ምስእ ብምሉእ ሰጥ ኣቢልና ንኣስሮ፡ ኣብ ብርኪ ኢድና ንእሽቶ ኣጉበጥ እንተቢልናዮ ኣይጸላእን።
- ጭዋዳታት ከስዐ ብምጡን ዓቕን ከም ዝእሰሩ ምግባር። እዚ ከስዕና ናብ ቅድሚት ከይተወጥወጠ ወይ ንውሽጢ ክንቆልቆለ ሰጥ ንኽብል ይሕግዘና።
- ኣብ እንጎዓዘሉ እዋን ብዘይጕ ኣየር ብኣፍንጫና ኣእቲና ዝተቓጸለ ኣየር ክንወጽእ ይግባእ። እዚ ኣገባብ እስትንፋስ'ዚ ዕሙቕ ብዝበለ ኣገባብ ክንካየድ ይምረጽ።
- ኣብ መወዳእታ እቲ ነካይዶ ምውስዋስ ኣካላት ተባቲብ ዘለዎ ዘይኮነ ብህድኣት ክኸውን ኣለዎ።

### ሓያል ቅሩብነት ምህላው

ብእግሪ ምጉዓዝ ናይ ዝኣመሰለ ምውስዋስ ኣካላት ፕሮግራም ክትሰርዕ ልዑል ተበግሶን ቅሩብነትን የድሊ። ነዚ ተበግሶ'ዚ ንምውሳድን ምዕቃብን ካብ ዘኽእሉ ገለ ነጥብታት፦

- ዕላማይ ከወቕዕ እየ ኢልካ ምሕሳብ፦ ብንእሽቶ ዕላማ ተበገስ፤ "ምስ ተመገብኩ ናይ 5 ወይ 10 ደቒቕ እግሪ ጉዕዞ ክካይድ እየ ኢልካ መደብ ኣውጽእ። ቀስ ብቐስ ከኣ ናብ ትደልዮ መጠን ምውስዋስ ኣካላት ከተዕብዮ ፈትን።
- እቲ እግሪ ጉዕዞ ዘሰልኪ ዘይኮነ ዝስሕብ ከም ዝኸውን ምግባር፦ በይንኻ ምጉዓዝ ትጸልእ እንተለኻ፡ ምሳኻ ዝንቀሳቐስ ኣሕዋትካ ወይ ደቅኻ፡ ጎረባብትኻ ወይ ኣዕሩኽትኻ ከም ዘጃንብሩኻ ግበር። ኣብ እትጎዓዘሉ እዋን ዚየዳ ክስሕቦካ ምእንቲ መዚቓ ክትሰምዕ ይከኣል እዩ።
- ትጓዓዘሉ ኣከባቢ ምቕያር፦ እቲ ትግብሮ እግሪ ጉዕዞ ካብ ግዜ ወጺኡ እንተኾይኑ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደ ከባቢ ጥራይ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ ምስ ዝኸውን ከሰልችየካ ኣይክእልን እዩ።

| ኲሚ ኣብ ERI-TV | |
|---|---|
| ሰዓት | መደብ |
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 10:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ፍናተ ሂወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዝኽሪ 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሌሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሳሳ ሕትመት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ሲነማ ሮማ |
| 19:25 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዝኽሪ 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዳዊት፡ ሻምፕዮን ዓለም ኮይኑ

### ሳይሞን፡ ነሓሰ መዳልያ ኣንጠልጢሉ




ኤርትራዊ ኣትሌት - ዳዊት ሰዓረ፡ ቀዳም 19 መስከረም ኣብ ደኒማርክ ከተማ ኮፐንሃገን ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ውድድር ጽርግያ፡ ኣብ 5000 ሜትር ቀዳማይ ብምኳታው "ሻምፕዮን ዓለም" ኮይኑ።

ኣብዚ ንራብዓይ ግዜኡ ዝተኻየደን ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቀታት ብኽልተኡ ጾታ ዝተሳተፈትሉን ዓለምለኻዊ ውድድር፡ ዳዊት ሰዓረን ሳይሞን ተስፋገርገሽን ኣብ 5000 ሜትሮ (ሓሙሽተ ኪሎሜተር) ተወዳዲሮም።

ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት፡ ኣብ ጋና ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ፡ ን5000 ሜተር ብ13 ደቒቓን 16 ካልኢትን ብምውዳእ 'ሻምፕዮን ኣፍሪቃ' ዝኾነ ዳዊት፡ ኣብ ኤውሮጳ'ውን 'ጓዚሙ' ሻምፕዮን ዓለም ኮይኑ።

ዳዊት፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ሓደ ኪሎሜተር መሪሒ ንዝነበረ ኖርዌያዊ ጃኮብ ኢንገብሪግትሰን ሓሊፉ እዩ - ብ12 ደቒቓን 56 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ። ናያዚ ርሕቀት 'ናይ ኤርትራ ዝበለጸ ግዜ (National Record)' ድማ ሃሪሙ። ኦሎምፒኣዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ፡ ኣብ 2006 ኣብ ኢጣልያ ከተማ ሮማ ን5000 ሜተር - ብ12 ደቒቓን 59 ካልኢትን ዘወድኦ ሃገራዊ ክብረ ወሰን ጸኒሑ።

ልክዕ ኣብ መበል 26 ዓመት ዕድመኡ ዝተወዓደረ (19 መስከረም 2000 ተወሊዱ) ጃኮብ፡ ሰለስተ ካልኢት ድሒሩ ተኸላሚ ብሩር መዳልያ ኮይኑ። ሳይሞን ተስፋገርገሽ፡ 4 ካልኢት ተፈንቲቱ (ብ13 ደቒቕ ዛዚምዎ) ሳልሳይ ብምኳታው፡ ነሓስ መዳልያ ኣንጠልጢሉ። ኤርትራ ከኣ ኣብዚ ርሕቀት ካብ ዝበራ ሰለስተ መዳልያታት፡ ነተን ክልተ ብዓም ክልተ ብሉጻት መንእሰያት ወሲዳተን።

ዳዊት፡ ኣብቲ ንፈለማ ግዜኡ ኣብ 2023 ኣብ ላቲቪያ ከተማ ሪጋ ዝተኻየደ ውድድር፡ ን5000 ሜትሮ ብ13 ደቒቓን 21 ካልኢትን ብምውዳኡ ራብዓይ ኣትዩ ነይሩ። ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ዝነረሞ ግዜ ኣመሓይሹ ብምዕዋቱ፡ ደረጃኡ ኣዕቢዩ ምህላዉ ምስክር እዩ።

ብዝያዳ፡ ኣብቲ ዕለት ናይ 5000 ሜትር ደቂ ኣንስትዮ ተኻይዱ። ኣብቲ ኢትዮጵያዊት ኣትሌት ኣምባው ለክና ብ14 ደቒቓን 41 ካልኢትን ዝተዓወተትሉ ውድድር፡ ኤርትራዊት ኣትሌት - ዲያና ሺሻይ፡ ብ16 ደቒቓን 8 ካልኢትን መበል 31 ኣትያ።

ኣብ ሓደ ማይል (1.6 ኪሎሜትር) ደቂ ተባዕትዮ፡ ጀርመናዊ ፋርሽን ሮበርት ብ3 ደቒቓን 51 ካልኢትን ተዓዊቱ። ኤርትራዊ ፍጹም ኣብርሃም፡ ብ4 ደቒቓን 13 ካልኢትን መበል 47 ወዲኡ።

ኣብቲ ፈረንሳዊት ጉለሞት ኢጋት ብ4 ደቒቓን 22 ካልኢትን ዝተዓወተትሉ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተመሳሳሊ ውድድር ከኣ ኤርትራዊት ኣትሌት ካፍሪ እስቲፋኖስ፡ ብ4 ደቒቓን 45 ካልኢትን መበል 32 ኣትያ።

ሰንበት ኣብ ዝተሰላሰለ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኬንያዊት ኣትሌት ኣግነስ ጌቲች፡ ክብረ ወሰን ናይቲ ጾታ ኣብቲ ውድድር ብዝበለጸ - ብ1 ሰዓት 5 ደቒቓን 15 ካልኢትን ቀዳመይቲ ኣትያ።

ኤርትራውያን ኣትሌታት፡ ዶልሺ ተሰፋ ብ1 ሰዓት 9 ደቒቓን 34ን ካልኢት መበል 26፣ ናዝሬት ወልዱ ብ1 ሰዓት 12 ደቒቓን 35 ካልኢትን መበል 58 ደረጃ ሓዚን።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዓብለሎም ከሰተ፡ ብ1 ሰዓትን 1 ደቒቓን መበል 17፣ ማጆር ቴድሮስ፡ ብ1 ሰዓት 2 ደቒቓን 13 ካልኢትን መበል 46፣ ኣቤል ተኽሉ ብ1 ሰዓት 2 ደቒቓን 49 ካልኢትን መበል 58 ኣትዮም። ዚ ጸወታ፡ ሽወደናዊ ኣልምህረን ኣንድሪያስ - ብ58 ደቒቓን 6 ካልኢትን ተዓዊቱሉ።

ብሓፈሻ ኣብዚ ናይ ክልተ መዓልታት ውድድር፡ ኣትሌታት ኬንያ - ሰለስተ ወርቂ፡ ብሩርን ነሓስን ብድምር ትሸዓተ መዳልያታት ብምምጻእ፡ ጸብለል ኢሎም። ኢትዮጵያ፡ ክልተ ወርቂን ብሩርን ሓንቲ ነሓስ ብድምር ሓሙሽተ መዳልታት፣ ኣመሪካ ሓሓንቲ ወርቂን ነሓሰን ክልተ ብሩርን ብድምር ኣርባዕተ መዳልያታት፣ ኤርትራ ከኣ ሓሓንቲ ወርቂን ነሓሰን ብድምር ክልተ መዳልታት ብምምጻእ ክሳብ ራብዐይቲ ተሰሪዐን።

## ውድድር ባድሚንተን ተዛዚሙ

ብ18 መስከረም ዝፈለመ ሃገራዊ ውድድር ባድሚንቶን ልዕሊ 19 ዓመት፡ ሰንበት 20 መስከረም ተዛዚሙ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ድርብ ምትሕንፋጽ፡ ኣቤል ከሮሰን ኤሊና ከሰተን ካብ ዞባ ቀዳማይ ወጺኦም። ተጻወትቲ ዞባ ዓንሰባ - ቢንያም ከሰተን ሰልቫና ኤርምያስን፡ ኣባላት ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻል - ፋትኤል ኣርዓዶምን ዳናይት ፍጹምን ድማ ተሸለምቲ ብሩርን ነሓስን መዳልያ ኮይኖም።

ኣብ ድርብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዳናይት ፍጹምን ዳናይት ቢንያምን ካብ ደንደን፡ ንቅሳኑት ሃይለን ሰልቫና ኤርምያስን ዞባ ዓንሰባ፡ መርየም መሓመድኑብርሃንን ኤሊና ከሰተን ካብ ዞባ ማእከል ኣኸቲለን ተዓዊተን።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ቅዱስ የናስን ኣቤል ከሮሰን ካብ ዞባ ማእከል፡ ፋትኤል ኣርዓዶምን ሄርሞን ሚካኤልን ካብ ደንደን፡ ቢንያም ከሰተን ሲም ሳሙኤልን ካብ ዞባ ዓንሰባ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምውዳእ፡ ዝተዳለዎም ሽልማት ወሲዶም።



ዞባ ማእከል ከኣ ብ16 ነጥቢ ናይዚ ብምኽንያት 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተኻየደ ውድድር፡ ጉብለል ኮይና።

## "ካግን ኢን ሊ፡ ቀይሕ ካርድ ይግበኦ ነይሩ"


### ኮሚተ ተክኒክ ዳንነት ስጳኛ

ኮሚተ ተክኒክ ዳንነት ስጳኛ፡ ኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ካንግ ኢን ሊ፡ ሰንበት ኣብ ዝበረ ናይ ደርቢ ጸወታ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ፡ ሰሪ ዝፈጸሞ በደል ብቀይሕ ካርድ ክብረር ከምዝነበሮ ተኣሚኑ።

እዚ ኮሪያዊ፡ ንሓለቓ ጋንታ ሪያል ማድሪድ - ፈደሪኮ ቫልቨርደ፡ ኣብ ዓንኩር ዓንካሪቶኡ ረጊጹ ከቢድ ጉድኣት ከውርደሉ ዝኽእል በደል'ኳ እንተፈጸመ፡ ዳኛ ግን፡ ናይ ስምዒታ ካርድ'ኳ ኣይሃቦን። ቪድዮ ተሓጋጋዚ ዳንነት (ቫር)፡ ዳኛ ነዚ በደል ክርእዮ'ውን ኣይጸወዖን።

ድሕሪ'ቲ ብዓወት ኣትሌቲኮ 2ብ1 ዝተዛዘመ ጸወታ፡ ዓሰሚ ሪያል ማድሪድ - ሆዜ ሞሪኖ፡ ሊ ቀይሕ ካርድ ይግበኦ ምንባሩ ገሊጹ፣ እንተላይ ኣብ ልዕሊ በሊንግሃም በደል ዝፈጸመ ተኸላኻሊ ኣትሌቲኮ - ክሪስቲያን ሮሜሮ።

ትማሊ ኣብ ዝወጸ ሓበሬታ ከኣ ኮሚተ ዳንነት፡ ጌጋ ከምዝተፈጸመ ብምግላጽ፡ ቀይሕ ካርድ ከምዝጦቦኦ ገሊጹ።




እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ቀድም ተጻዋታይ ማድሪድ ጆርጅ ቫልዳኖ፡ ቫልቨርደ ድሕሪ ዝገጠሞ በደል ቀልጢፉ ብምትንሳኡ ነቒፍዎ። ቅድሚ ሕጂ'ውን መጉዳእቲ ገጠምዎ እንከሎ ቀልጢፉ ብምትንሳኡ ብሞሪኖ ዝተነቐፈ ቫልቨርደ፡ እንተውሓደ ሃሰዩ በደል ምንባሩ ንዳኛ ክርእዮ ከምዝነበሮ - ቫልዳኖ ይዛረብ።

እዚ ኡራጓያዊ፡ ወላ'ኳ ቀልጢፉ እንተተንሰኣን ጸወታ እንተቐጸለን፡ ድሕሪ ጸወታ ብዝተገብረሉ መርመራ፡ ኣብ ጺጋመይቲ ዓንካሪቶኡ መጉዳእቲ ጸኒሕዎ። ድሕሪ ተወሳኺ መርመራ ከኣ፡ ንክንደይ ግዜ ካብ ጸወታ ክኣልዮ ከምዝኽእል ክንጽር ትጽቢት ኣሎ።

## ፓልመርን ራይስን ካብ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ተኣልዮም

ኣጥቃዓይ ቸልሲ ኮል ፓልመር ከምኡ'ውን ኣከፋፋሊ ኣርሰናል ደክላን ራይስ፡ ካብታ ንምጥማት ኔሽንስ ሊግ እትዳሎ ዘላ ሃገራዊት ጋንታኦም እንግሊዝ ተኣልዮም።

ፓልመር፡ ብሕርያ ኣሰልጣኒ ቶማስ ቱኸል ካብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝተረፈ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ግና፡ ነዚ ናይ ኔሽንስ ሊግ ግጥማት ተመሪጹ ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ ፈኲስ መጉዳእቲ፡ ካብታ ሃገራዊት ጋንታ ተኣልዩ ኣሎ።

ብዝይዳ፡ ራይስ፡ ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ - ማርከስ ራሽፎርድን ኮቢ ማይኖን ከምኡ'ውን ተኸላኻሊ ኒውካስል - ቲኖ ሊቭራመንቶ፡ ካብታ ሰንበት ኣንጻር ስጳኛ ቀዳማይ ናይ ምድላብ ጸወታ ዝጸበያ ጋንታ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ተኣልዮም።

ኣጥቃዓይ ኖቲንግሃም - ሞርጋን ጊብስዋይት ከምኡ'ውን ተኸላኻሊ ኤቨርተን ጃማስ ጋርነር ድማ፡ ብኣጻር'ቶም ዝተኣለዩ ተጻወትቲ፡ ጸውዒት ረኺቦም ተጸምቢሮማ ኣለው።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ሩሲያ፡ ንመጥቃዕቲ ዩክሬን ምላሽ ሂባትሉ



ዩክሬን፡ ንባይቶኣዊ ምርጫ ሩሲያ ንምፍሻል ከተካይዶ ዝጸንሐት ንሲቪላውያን ሰባትን ወተሃደራዊ ዘይኮነ ትሕተ ቅርጺታትን ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕትታት ከም ዝሬሸሉ፡ ኣፈኛ ፕረዚደንት ሩሲያ ዲሚትሪ ፔስኮቭ ገሊጹ።

ንሱ ዝ. ዝገለጾ፡ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ገዚፍ መጥቃዕቲ ናይ ድሮናት ድሕሪ ምኽያዳ እዩ።

ፔስኮቭ ቀጺሉ፡ “መጥቃዕትታት ዩክሬን፡ ነቲ ክካየድ ዝጸንሐ ምርጫ ንምዝራግ ዝተገብረ ፈተነ እዩ ነይሩ። እንተ ኾነ እቲ ጸዕሪ ዝኾነ ውጽኢት ኣየምጽአን” ኢሉ።

ብመጥቃዕትታት ዩክሬን ክልተ ሩሲያውያን ክቕተሉ ከለው፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ መጻረዪ ነዳዲ፡ መንበሪ ህንጻታትን ካልእ ሲቪላዊ ትሕተ ቅርጺታትን ድማ ጉድኣት ከም ዘወረደ፡ ሰበ ማዚ ሩሲያ ሓቢሮም።

ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርጌይ ሶቢያኒን ብወገኑ፡ ነቲ መጥቃዕቲ፡ “ቅድሚ ሎሚ ተራእዩ ዘይፈልጥ ወተሃደራዊ ዘመተ” ክብል ገሊጹዎ።

ንሱ ወሲኹ፡ ዩክሬን ኣብቲ ናይ ቀዳመ ሰንበት ወተሃደራዊ ስርሒት ልዕሊ 1600 ድሮናት ከም ዝኣተፈት’ውን ወሲኹ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ድማ፡ ኣብ እዋን’ቲ ምርጫ፡ ኣብ ዓሰርተ ዞባታት ሩሲያ ምርጫ ዝተኻየደሉ ዝነበሩ 74 ህንጻታት በቲ መጥቃዕቲ ጉድኣት ከም ዝበጽሖም ገሊጹ።

እንተ ኾነ እቲ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ ባይቶኣዊ ምርጫ ሩሲያ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ብሰላም ከም ዝተዛዘመ፡ ሰበ ማዚ ናይ’ታ ሃገር ወሲኾም ኣመልኪቶም።

## ሑቲ፡ ንመራኽብ ስዑዲ ዓረብ ጥራይ ከም ዘጥቅዕ ኣፍሊጡ

ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ኣብ ጫፍ ደብባዊ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ስትራተጂያዊ ማያዊ መስመር ድሕሪ ምቁጻጻሩ፡ ብዘይካ ንመራኽብ ስዑዲ ዓረብ፡ ኣብ ልዕሊ መራኽብ ካልኦት ሃገራት መጥቃዕቲ ከም ዘይፍጽም ገሊጹ።

ኣፈኛ ሑቲ መሓመድ ኣል በካይቲ፡ “ብዘይካ ናይታ ጸላኢትና ዝኾነት ስዑዲ ዓረብ፡ ንመራኽብ ኣመሪካ ይኹና መራኽብ ካልኦት ሃገራት ኣብ መጻብቦ ባብ ኤል-መንደብ ወተሃደራዊ ዒላማ ከም ዘይንገብር ነረጋግጸልኩም” ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ “ዕላማ ወተሃደራዊ ስርሒታትና ንመጻብቦ ባብ ኤል-መንደብ ምዕጻው ዘይኮነስ፡ ንናይ የመን ሓዊስካ ንኹለን ብኣኡ ዝሓልፋ መራኽብ ብዘይ ዕንቅፋት ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት ከም ዝረኽባ ንምርግጋጽ’ዩ” ክብል’ውን ገሊጹ።



ስዑዲ ዓረብ፡ ኣመሪካ ብወተሃደራዊ መንገዲ ጣልቃ ክትኣቱ፡ ንፕረዚደንት ትራምፕ ሓቲታ እኳ እንተ ነበረት፡ ትራምፕ ግን ነቲ ሕቶ ከም ዘይተቐበሎ’ዩ ዝሕበር።

በዚ ከኣ፡ ኣመሪካ ክሳብ ሕጂ ስሊያዊ ሓበሬታ ንስዑዲ ካብ ምቕባል ሓሊፉ፡ ኣብ ልዕሊ ሑቲ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ኣይከኣለትን ዘሎ።

ሑቲ፡ ኣብ ግንቦት 2025 ምስ ኣመሪካ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ከም ዝኸተመ ይፍለጥ።

ድሕሪ’ቲ ስምምዕ፡ ኣመሪካ ኣብ የመን ተኻይዶ ዝነበረት መጥቃዕቲ ኣየር ደው ከተብሎ እንከሎ፡ እቲ የመናዊ ዕጡቕ ጉጅለ ድማ፡ ብቐይሕ ባሕሪ ንዝመላለሳ መራኽብ ኣመሪካ ዒላማ መጥቃዕቲ ካብ ምግባር ከም እተቐጠበ እዩም ምስ’ተን ሃገራት ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ።

## ኤውሮጳ፡ ዝኸፍአ ቅልውላው ናይ ጸዓት የጋጥማ

ኤውሮጳ፡ ኣብ ታሪኻ ዝኸፍአ ምኽንያት ዝተኻፈሉ ቅልውላው ናይ ጸዓት ኣጋጢምዋ ከም ዘሎ፡ ልኡኽ ፕረዚደንት ሩሲያ ኪሪል ዲሚትሪየቭ ሓቢሩ።

ንሱ ኣብ ሓበሬታኡ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ካብ ሩሲያ ዘእትዎ ዝነበረ ጸዓት ንምንካይ ዝወሰዶ ውሳኔ፡ ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ቅልውላው ምኽንያት’ውን ኣረዲኡ።

ዲሚትሪየቭ ዝ. ዝገለጾ፡ ኣብ መላእ ሕብረት ኤውሮጳ ተፈጢሩ ዘሎ ቅልውላው ናይ ነዳዲ እናገደደ ይመጽእ ምህላዉ፡ ብተደጋጋሚ ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።

እቲ ሩሲያዊ ብዓል ስልጣን ኣብ ሓበሬታኡ፡ ኤውሮጳ ብሕጽረት ነዳዲ’ኳ ትሳቐ እንተ ሃለወት፡ ንጠንቂ ናይቲ ቅልውላው ክትፈትሕ ኢላ ግን ዝወሰደቶ ዝኾነ ተበግሶ ከም ዘየለ ኣመልኪቱ።

መንግስታዊ ሓበሬታ ፈረንሳ ከም ዘመልከቶ፡ ኣብታ ሃገር ቀረብ ነዳዲ ብ15 ሚእታዊት ጎዲሉ ኣሎ።

ማዕከናት ዜና ጀርመን ድማ፡ ብሰንኪ’ቲ ኣብታ ሃገር ኣጋጢሙ ዘሎ ሕጽረት ነዳዲ፡ ዋጋታት ነዳዲን ካልኦት ሃለኽቲ ነገራትን ይውሰኽ ከም ዘሎ ጸብጺበን።

ኣብ መላእ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ዋጋ በንዚን ካብቲ ቅድሚ ሓደ ዓመት ዝነበሮ መጠን ብ24 ሚእታዊት ክውሰኽ ከሎ፡ ዋጋ ናፍታ ድማ ብ38 ሚእታዊት ወሲኹ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት ናይቲ ሕብረት ይጠቕሱ።



ኤውሮጳ እተእትዎ ኣስታት 45 ሚእታዊት ዝተጻረየን ኣስታት 27 ሚእታዊት ዘይተጻረየን ነዳዲ፡ ካብ ሩሲያ ክትሸምቶ ምጽንሓ እያ ትገልጽ።

## ኢራን፡ ሓድሽ ኣጽዋራ ዓለም ከም ዘዛርብ ትገልጽ

ኢራን፡ ኣብ ወተሃደራዊ ዕጥቃ ብዙሕ ምምሕያሻት ገይራ ምህላዋ፡ እቲ ተራእዩ ዘሎ ምዕባለ ድማ ንዓለም ከዛርብ ምኳኑ፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ትማሊ ሰኑይ ገሊጹ።

“እቲ ኣብ ስርሒታት ምክልኻልን ጸረ መጥቃዕትን ዝመጽእ ለውጢ፡ እንተላይ ለውጢ ናይ ጂኦግራፍ ወግኡ ለውጢ ናይ ኣጻዋርን ተተኳሲትን ዘጠቓልል እዩ” ክብል’ውን ኣመልኪቱ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ቀጺሉ፡ “ፍሉይ ዓቕሚ ዘለዎም ሓደስቲ ኣጻዋር ናብ ዓውደ ውግእ ከምጽእ ኢና፡ ዓለም ድማ ብኣኡ ክትግረም እያ” ኢሉ።

ኣሰዪቡ ድማ፡ “ወተሃደራዊ ዒላማታትና’ውን ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩ ኣይኮኑን፡ ገና ዘይተወቕዑ ሓደስቲ ዒላማታት ኣለዉና” ክብል ኣጠንቂቑ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ዝ. መግለጺ ዝሀበ ዘሎ፡ ኣሃዱታት ጸረ ነፈርቲ ሃገሩ፡ ኣብ ሶማያት መጻብቦ ሆርሙዝ ንሓንቲ ድሮን ኣመሪካ ወቒዑ ከም ዘውደቓ ድሕሪ ምሕባሩ እዩ።

ኣፈኛ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ሑሴን ሞሒቢ ብወገኑ፡ “ኣመሪካ ኣብዚ ኩናት ተሳዒራ እያ፡ ስዕረታ’ውን ታሪኻውን ውርደት ዝመልኣን እዩ። እንተ ኾነ ዝ. ስዕረት’ዚ ክትእመኖን ክትቕበሎን ትብዖት የብላን” ክብል ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣመሪካ ዋላ’ኳ ብምሉእ ዓቕማ ኣብቲ ኩናት እንተ ተቓለሰት፡ ነቲ ዝተረገጠ ማያዊ መስመር መጻብቦ ሆርሙዝ ግና ደጊማ ክትከፍቶ ከም ዘይክኣለት ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ ሞሒቢ፡ ሚሳይላት ኢራን ኣብ ከባቢ ወሽመጥ ዓረብን ሰሜናዊ ክፋል ዓረቭን ንዝርከብ ማእከላት ስለያ ኣመሪካ ከም ዝሃረመን እዚ ድማ ነታ ሃገር ዓቢ ስለያዊ ስዕረት ከም ዝኾነ ገሊጹ።



## ፓኪስታን፡ ንኣፍጋኒስታን ትድብድባ



ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍጋኒስታን ብዝተፈጸመ ደብዳብ ነፈርቲ ውግእ ፓኪስታን፡ ብውሕዱ ሰለስተ ሰባት ከም እተቐትሉ፡ ሰበ ማዚ ኣፍጋኒስታን ገሊጾም።

ኣፈኛ ዞባ ኩናር - ፋሪድ ደህቃን፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣየር ትማሊ ሰኑይ ኣብ ኣውራጃ ኑርጋል ከም ዘጋጠመ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ካልኦት ኣርባዕተ ሰባት’ውን ቆሲሎም ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ዜና ፓኪስታን ብወገኑ፡ ሓይሊ ኣየር ፓኪስታን ኣብ ኣፍጋኒስታን ኣብ ሰለስተ ዒላማታት መጥቃዕቲ ከም ዝኸየደ፡ በቲ መጥቃዕቲ 28 ሰባት ከም እተቐትሉን ኣመልኪቱ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣባላት ጣሊባን ናይ ፓኪስታን ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ፓኪስታን ኣብ ዝርከብ ኣባላት ፖሊስ ዝግልገሉሉ ሓደ ማሰኒድ መጥቃዕቲ ቦምብ ከም ዝፈጸመ ድሕሪ ምግላጹ ድሕሪ ሓደት መዓልታት እዩ ተፈጺሙ።

ምክትል ኣፈኛ ጣሊባን ሓምዱላ ፊትራት ድማ፡ ኣብ ዞባ ባርማል እውን ኣብ ክልተ ቦታታት ደብዳብ ነፈርቲ ከም እተፈጸመ ድሕሪ ምግላጹ፡ በቲ ደብዳብ ሓደ ደኳንን ሓደ መንበሪ ህንጻን ምሉእ ብምሉእ ከም ዝዓነወ፡ ኣብ ህይወት ሰብ ግን ዝወረደ ጉድኣት ከም ዘየለ ሓቢሩ።

ብዛዕባ እቲ መጥቃዕቲ ብዝምልከት፡ ካብ ፓኪስታን ዝተዋህበ ዝኾነ ወግዓዊ መልሲ ከም ዘየለ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ መንጎ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ዝጸንሐ ርክብ፡ ካብ ዝሓለፈ ለካቲት ጀሚሩ እናሻሓከረ ምምጽኡን፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዝኸፍአ ደረጃኡ በጺሑ ምህላዉን ይሕበር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት | 22/09/2026 | ጎደና 176-3 ቁ.8፡ ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ | 122035 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565